ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.129 ረቡዕ 29 ጥሪ 2025 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ኣብ ሰዓታት ዝቖሞ 'መንግስቲ ህጹጽ ኣዋጅ'

ገጽ 3
ምጽዋረይ ዝጸንቀቕኩ....


ገጽ 4
ንምንባርትርጉም ዝሀቡ ነጥብታት


ገጽ 5
ዓንኬል ሓሳባት


ገጽ 11
ደንደን ንስፖርተኛታት ሽሊግ


# ፈስቲቫል ኤርትራውያን ነበርቲ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ ተኻይዱ

ዓመታዊ ፈስቲቫል ማሕበረሰባት ኤርትራውያን ነበርቲ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ፡ "ውሕስነት ሰላም ብመኸተ" ብዝብል ቴማ፡ ካብ 24 ክሳብ 26 ጥሪ ብልዑል መዳርግ ኣብ ዱባይ ተኻይዱ።

እቲ ፈስቲቫል፡ ኣስታት 130 ህጻናት ዝተሳተፍዎ ስፖርታዊ ንጥፈታት፣ ማሕበረሰባት ዱባይ፡ ሰሜን ኢማራትን ኣቡዳቢን ዘዳለውኦ ንንጥፈታተን ዘንጸባርቕ ስኢላዊ ምርኢት፣ ንፍርያትን ባህልን ሃገርና ዘለሊ ኣልባሳትን ናውቲ ገዛን፣ ከምኡ'ውን ቁሸት ህጻናትን ስነ-ጥበባዊ መሰናድኦታትን ዘጠቓለለ ነይሩ።

ኣቦመንበር ማሕበረሰብ ኤርትራውያን ኣብ ዱባይን ሰሜን ኢማራትን ኣቶ ዑመር ማሕሙድ ኣብ ዘስመዖ መኽፈቲ ቃል፡ ሃገራዊ ፈስቲቫላትና - ኣብ ደገ ዝተወልዱ ህጻናት ምስ ባህሎምን ሃገራዊ ክብርታቶምን ንኽላለዩን ብኤርትራዊ ስነምግባር ተኾስኲሶም ንኽዓብዩን ዓቢ ኣበርክቶ ከምዝለዎ ገሊጹ።

እዚ መላግቦ ሓርግ ወለዶታት ዝኾነ ሃገራዊ ምትእኽኻብ፡ ኣብ መጻኢ ብትሕዝቶን ዓይነትን ንኽሰፍሕን ቀጻልነት ንኽህልዎን፡ ማሕበረሰባት ኣብርቲዕን ክሰርሓ ብምዝኽኻር፡ ፈስቲቫል ዕዉት ንኽኸውን ከይተሓለሉ ንዝሰርሑን ኣበርክቶ ንዝገበሩን ኩሎም ኣመስጊኑ።





ኣቦመንበር ማሕበረሰብ ኣቡዳቢ ኣቶ ኣልኣሚን ዓሊ መሓመድ እውን ተመሳሳሊ መልእኽቲ ኣመሓላሊፉ።

ኣብ'ቲ መኽፈቲ ስነ-ስርዓት፡ ኣካያዲት ስራሕ ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ኣቡዳቢ ወ/ሮ ስዒዳ መሓመድ ጣሃ፣ ኣካያዲ ስራሕ ቤትጽሕፈት ጠቕላሊ ቈንስል ኤርትራ ኣብ ዱባይን ሰሜን ኢማራትን ኣቶ መሓመድ ማሕሙድ ሰለም፣ ከምኡ'ውን ሓላፊ ህዝብውን ኮማውን ጉዳያት ኣብ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ ኣቶ ተስፉ ገብረትንሳኤ ተረኺቦም ነይሮም።

# ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን፡ ብሞያ ዘሰልጠኖም መንእሰያት ተመሪቖም

ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ብዝተፈላለየ ዓውድታት ሞያ ዘሰልጠኖም 56 መንእሰያት፡ ብ24 ጥሪ ተመሪቖም።

ተመረቕቲ፡ ዓሰርተ ብዮታዊ መሰርሐታት መዚቃ ን3 ዓመት፣ 22 ብትልሂት ን3 ኣዋርሕ፣ 24 ድማ ብምሕደራ ስፖርትን ፋይናንስን ን3 ኣዋርሕ ዝሰልጠኑ እዮም።

ኮሚሽነር ባህልን ስፖርትን - ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ሰልጠንቲ ብዘቖጸሞ ፍልጠት ኣብ ዘዘተመደብሉ ስራሕ ውፉይ ኣበርክቶ ከምዝገብሩ ዘለዎ ጽኑዕ እምነት ገሊጹ።

ኣሰልጠንቲ ብወገኖም፡ ንኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ስለ'ቲ ዝወሰዶ ተበግሶ ድሕሪ ምምስጋኑ፡ ሰልጠንቲ ንዘርኣይዎ ተገዳስነት መጕሶም።


ሓላፊ ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ሌተናል ኮሎኔል ሳሙኤል ጼጋይ ድማ፡ እቲ ንመመረቕታ ዝበቕዐ ስልጠናታት፡ ንባህላውን ምምሕዳራውን ንጥፈታት ዝድርዕ ከምዝኾነ ብምግላጽ፡ ከምዚ ዓይነት ስልጠናታት ብዝተወደበ መልክዕ ከምዝቕጸል ኣረጋጊጹ።

ኣብ'ቲ ዕለት፡ 17 ምሩጻት ዓንቀጻት ንዝሓዘ 131 ገጻት ዘለዎ መጽሓፍ ስነ-ጥንቲ፡ ናይ ሌላ መደብ ተገይሩ።



# ተጋዳላይ መሓመድ-እድሪስ ባናይ ተሰዊኡ

ኣባል ፈጻሚት ሸማግለ ሃገራዊ ኮንፈደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራን ሓላፊ ክፍሊ ዝምድናታት ዕዮን - ጉዳም ተጋዳላይ መሓመድ-እድሪስ መሓመድ-ማሕሙድ ባናይ፡ ብሃንደበታዊ ሕማም ብ27 ጥሪ ኣብ ማብል 66 ዓመት ዕድመኡ ተሰዊኡ።



ኣብ 1976 ኣብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈ ተጋዳላይ መሓመድ-እድሪስ ባናይ፡ ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊት ክሳብ ብደረጃ መራሒ ሓይሊ፣ ኣብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ ድማ ኣባል ምንቅስቓስ ሰራሕተኛታት ኮይኑ ኣገልጊሉ።

ድሕሪ ናጽነት፡ ኣብ 1992 ናብ ግዝያዊ መንግስቲ ኤርትራ ዝተጸንበረ ተጋዳላይ መሓመድእድሪስ ባናይ፡ ክሳብ ዕለተ ማስዋእቱ ኣብ ሃገራዊ ኮንፈደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ ብደረጃ ፈጻሚት ሸማግለ ኣብ ዝተፈላለየ ኣካላት ናይ'ቲ ኮንፈደረሽን ንህዝቡን ሃገሩን ብተወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ እዩ።

ሰውእ ተጋዳላይ መሓመድእድሪስ ባናይ፡ ብዓል ሓዳርን ኣቦ ሰለስተ ደቂን እዩ።

ስነስርዓት ቀብሩ ድማ፡ ትማሊ 28 ጥሪ ሰዓት 4:00 ድሕሪ ቐትሪ ኣብ መካነመቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ተፈጺሙ።

ሃገራዊ ኮንፈደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ፡ ብማስዋእቲ ጉዳም ተጋዳላይ መሓመድእድሪስ ባናይ ዝተሰምዖ መሪር ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራቤቱ፡ መቓልስቱን መሳርሕቱን "ጽንዓት ይሃብኩም" ይብል።

# ዓለማዊ ዛዕባ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት

ታደሰ ተኽለ

## ኣብ ሰዓታት ዝቐሃመ ‘መንግስቲ ህጹጽ ኣዋጅ’

ኣብ ዝሓለፈ 3 ታሕሳስ ከባቢ ሰዓት 11 ናይ ለይቲ ፕረዚደንት ደቡብ ኮርያ ዩን ሰክ ዩኦል፡ ኣብታ ሃገር ዝበረ ሲቪላዊ መንግስቲ ዘፍርስ ናይ ህጹጽ ግዜ መንግስቲ ኣዊጁ። ኣባላት ባይቶ ናብ ኣዳራሽ ሃገራዊ ጉባኤ ከይዶም ነቲ ኣዋጅ ብኻልእ ኣዋጅ ክየፍርስዎ ድማ እቲ ህንጻ ብወተሃደራት ክኽበብ ኣዘዘ። ኣባላት ባይቶ ግና ነቶም ወተሃደራት እናጠላለፉ ብምእታው ነቲ ኣዋጅ ህጹጽ ግዜ ኣፍሪሶም ሲቪላዊ መንግስቲ ከም ቀደሙ ክቕጽል ንህዝቢ ኣፍለጡ። እቲ ናይ ህጹጽ ግዜ ኣዋጅ ድማ ሸዱሽተ ሰዓታት ኣብ ዘይመልእ ግዜ ፈረሰ። እቲ ፕረዚደንት ነቲ ሓድሽ ወተሃደራዊ መንግስቲ ክኢዩድ መዚዙዎ ዝበረ ፍሉይ ወተሃደራዊ እዚ በዚኡ እቲ ህጹጽ ኣዋጅ ከምእተሰረዘ ተኣሚኑ። ደቡብ ኮርያ ግና ካብኡ ንደሓር ኣብ ኣርበዓ ዓመት ርእዮቶ ብዘይትፈልጦ ፖለቲካዊ ቅልውላው ትሓልፍ ኣላ። ኣዋጃት ህጹጹ መንግስቲ ኣብ ደቡብ ኮርያ ሓድሽ ነገር ኣይኮነን። እዚ ናይ ሕጂ መበል 7ይ ግዜ እዩ። በቲ ዝሓለፈ ስለ ዘኾሕኩሉ ግና ክምለስዎ ኣይደልዩን። ኣብ ነዊሕ ሰላማዊ ፖለቲካዊ ቃልሲ ዘጥረይዎ ሲቪላዊ ምሕደራ ብዝንደበት ካብ ኢዶም ከምልጥ ከም ዘይደልዩ ኣብ ዝሓለፈ ወርሓት ዝተራእየ ኩነታት ምስክር እዩ።

እዚ ሕጂ ዘሎ ሓድሽ ወለዶ ደቡብ ኮርያ ኣብ ትሕቲ ህጹጽ ኣዋጅ ተገዚኡ እኳ ዘይፈልጥ እንተኾነ፡ ካብ ንእሰነት ኣትሒዙ ብትምህርቲ ታሪኽ ክስቁሮ ስለ እተገብረ ክሱብ ክንደይ መሪር ምዃኑ ይፈልጥ እዩ። ኣብ ትሕቲ ወተሃደራዊ ኣገዛዝኣ እታ ሃገር ዘሕለፈቶ ጸበባታት ንወረሲ ወለዶ ዘሰጋገር ኣፍልጦን ኣስተምህሮን ብስነጥበባዊ ስርሓት ድራማን ተዋስኦን ፊልምታትን ካብ መወዓሊ ህጻናት ኣትሒዙ ክንገሮ ጸኒሑ እዩ። ህዝቢ፡ ነቲ ፕረዚደንት ዩን ስክ ዘሕለፎ ኣዋጅ ክፍርስ ድማ ግዜ ኣይወሰደሉን። ሸው ብሕርቃን ገንፊሉ ዝወጸ ህዝቢ ክሳዕ ሕጂ ኣይዛዙለን ክበዝሕ ድማ ይኽእል። ናይቲ ፕረዚደንት ኣዋጅ ክድግፍ ዝተመዝዘ ሓይሊ ምክልኻል እውን ምስ ህዝቢ ወጊኑ ኣባላት ባይቶ ናብ ኣዳራሽ ከይኣትዉ ክኽልክል ዝተዋህቦ ትእዛዝ ነጺጉ መንገዲ እናኸፈተ ኣሕሊፍዎም።

ፕረዚደንት ዩን ናይ ህጹጽ ግዜ ኣዋጅ ኑታ ሃገር ካብ ጸረ-ሃገር ሓይልታት ንምክልኻል ኢሉ ከም ዝኣወጀ እኳ እንተገለጸ፡ ቀንዲ ምኽንያት ግና ኣብቲ ንሱ ዝመርሖ መንግስቲ ዝሰፈነ ዝበረ ፖለቲካዊ ቅልውላው ንምህዳእ ኢሉ ከም ዝኾነ ወሰብቲ ርእዮቶ የረድኦ።




እቲ ተቓናቓኒ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኣብ ባይቶ ዓብላሊ መናብር ስለ ዝበሮ፡ ፕረዚደንት ዩን ክድግፎ ዘይክእል እማመታት የሕልፍ ነበረ። እቲ ፕረዚደንት ድማ ነቲ እማመታት ብናይ ቀውፊ ስልጣኑ ብተደጋጋሚ ይስዕሮ ነበረ። ብተደጋጋምን ኣብ ርእሲ-ርእሲን ብባይቶ ዝሓለፍ እማመታት ፕረዚደንት ከም ዝጸገ እናተፈልጠ ይቐርብ ከም ዝበረን ነቲ ፕረዚደንት ንምድኻም ተባሂሉ ይግበር ምንባሩን ጸብጻባት የረድኡ። ናይ ህጹጽ ግዜ መንግስቲ ኣዋጁ ነቲ ባይቶ ብምብታን ካብ ተጻብኦቱ ክገላገል ዝወሰዶ ስጉምቲ ምዃኑ ድማ ይንገር። ተቓናቓኒ ሰልፊ፡ ፕረዚደንት ዩን ዘቕረቦ እማመታት፡ ብዘለዎም ዓብላሊ ድምጺ እናኣፍረሱ ብተቓውሞ ትንፋስ ኣብ ርእሲ ምኽልኡ፡ ኣባላት ካቢኔኡ ብበልሽውና ከም እተማረሰሎ ዘረድእ ጭብጥታት ኣኪቦም ናብ ፍርዲ ከቕርብዎ ይዳለዉ ምንባሮም ጸብጻብት የረድኡ። ስለዚ ሲቪላዊ መንግስቲ ኣፍሪሱ ድማ ንተጻብኦቱ ዕድል ክኸልእ ዘኽእል ብሓደጋ ግዜ ዝኣወጅ ናይ ተበተብ ወተሃደራዊ መንግስቲ ክእውጅ ኣማሪጹ ምውሳዱ ዝሕብሩ ኣለዉ።

ፕረዚደንት ዩን ዝመርሖ መንግስቲ ደቡብ ኮርያ፡ ብናይ ምዕራባውያን ጸቕጢ ዘይዕምጸጽ ዲፕሎማሲያዊ መርገጺ ስለ ዝበሮ፡ ምዕራባውያን ካብ ዘሎ መንግስቲ ዝሓይሽ ካልእ ተማእዛዚይ መንግስቲ ክህሉ ኣይጸልኡን። ንፕረዚደንት ዩን ኢጋጽዮም ናብ ዘይወጾ ፖለቲካዊ ጸገም ደፊኦም ከእትውዎ እንድሕር ኰይኖም፡ ‘ብሸነኽ ሰሜን ሓደጋ የንጸላሉ ስለ ዘሎ መድሎ ንምርካብ ህጹጽ መንግስቲ ክእውጅ’ ኩሉብልዎ ከምዝኽእሉ ካልእ ግምት እዩ። ኣብቲ ኣቐድም ኣቢሉ ዝበረ ሳምንታት፡ ካብ ሰሜን ኮርያ ኣብ ባሉን እተጻዕነ ጥማር ርስሓት ሸቓቕን ጎድፍን ናብ ደቡብ ብሰማይ-ሰማይ እናተላእከ ይኸይድ ነይሩ። እዚ ተርእዮ’ዚ ሩፍታ ብዘኸልእ ይደጋገም ስለ ዝበረ፡ ‘ናይ ደሓን ከምዘይኮነ’ ከም ምልክት ሕማቕ ፋልን ናይ ውግእ ምቅርራብን ገይሮም ዝትርጉምዎ ዲፕሎማሰኛታት ኣይተሰኣኑን። ወተሃደራዊ መንግስቲ ዝናፈቑ ሰበ-ስልጣን እውን እዚ ካብ ጎረቤት ዝድፋእ ዲፕሎማሲ ጉሓፍ ኣሰጋኢ ከም ዘኾነ ይገልጹ ነይሮም።

ናይ ልዕሊ 40 ዓመት ሲቪላዊ መንግስቲ ኣብ ዘለዋ ደቡብ ኮርያ ብዝንደበት ናይ ህጹጽ ግዜ መንግስቲ ምእዋጅ፡ ብዘይ መዛዘ ክሓልፍ ኣይክእልን። ፕረዚደንት ዩን ብእመናት ወተሃደራት ኣብ ገዛኡ ተኸቢቡ ከይተታሕዘ ሓያሎ መዓልቲ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ብዘይ ደም ምፍሳስ ኣብ ክፍላ ጥሪ ክተሓዘ ክኢሉ ኣሎ። ኣብ ታሪኽ ደቡብ ኮርያ ኣብ መዝነት ዝርከብ መራሒ ሃገር ብፖሊስ ክእሰር ናይ መጀመርታ እዩ።

ፕረዚደንት ዩን ምስ ደገፍቱ ኣባላት ካቢኑ ተኸሲሶም ናብ ፍርዲ ክቐርቡ ብባይቶ ተወሲኑ - እቲ ፕረዚደንት ክድስክል ተገይሩ ኣሎ። ሓያሎ ኣባላት ካቢኔ እውን ካብ ስራሕ ተኣልዮም ኣለዉ። እቲ ዝደስከለ ፕረዚደንት ናብ ፍርዲ ክሳብ ዝቐርብ ኣዋርሕ ኣብ ዝወስድ መስርሕ ፖለቲካዊ ቅልውላው ከኣ ኑታ ሃገር ይሕምሳ ከምዝሎ ይፍለጥ። ገበን እንተተረኺብዎ ክሳዕ ምርጫ ዝቶዩድ ካልእ ግዝያዊ ፕረዚደንት ክምዝዝ እዩ። ገበን እንተዘይተረኺብዎ ናብ መዝነቱ ክምለስ እዩ።

## ንልምዓት ዘይዓግት ፖለቲካዊ ሕንፍሽፍሽ ደቡብ ኮርያ

ኣብ ሓምሳታት ንሰለስተ ዓመት ኣብታ ሓውሲ ደሴት ዝተኻየደ ሓያሎ ሃገራት ዝተሳተፈኦ ኲናት፡ ሰሜን ኣብ ትሕቲ ስርዓት ኮሙኒዝም (ዴሞክራት)፡ ደቡብ ከኣ ኣብ ትሕቲ ብምዕራባውያን ርእሰማልኣት ዝተጸልወ መንግስቲ መቒልዋ። ሓውሲ ደሴት ኮርያ ኣብ ሓደ መንግስቲ ንምጥርናፍ ዝተገብረ ፖለቲካዊ ጻዕርታት ፈሺሉ ሰሜንን ደቡብን ብድርኺት ክልተ ፖለቲካዊ ደንበ ክልተ ሃገራት ተመስሪተን።

ኣብ ደቡብ ዝተመስረተ ብሲንግማን ሪ ዝምራሕ መንግስቲ ብርቱዕ ጸረ ኮሙኒዝም መርገጺ ስለ ዝበሮ ንውሽጣዊ ተቓወምቲ ዜሮ ተጻዋርነት ነበሮ። ነቲ ዝቶዩድ ዝበረ ተቓውሞ ተመሳሪ ንምቁጽጻር ድማ ናይ ህጹጽ ግዜ መንግስቲ ኣዊጁ ነበረ። ሲንግማን ሪ ኣብ 1960 ኣብ ዝተኻየደ ምርጫ ብዓብላሊ ተዓዊቱ እቲ ህጹጽ ወተሃደራዊ ኣገዛዝኣ ድማ ብትሪ ቀጺሉ። ምርጫ ብሸፈጥ ዝተኻየደን ወጽኢቱ ሓሶት ከም ዝኾነን ዝገልጹ ተመሃሮ ብተቓውሞ ይወጹ ነይሮም። መንግስቲ ብጥይት ዝሀቦ ዝበረ ምላሽ ነቲ ተቓውሞ ከህድኦ ስለ ዘይከኣለ ድማ ሲንግማን ካብ ስልጣን ወሪዱ ናብ ስደት ክምርሕ ወሲኑ።

ኣብቲ ዓመት እቲ ዝተገብረ ምርጫ ድማ ካልኣይ ሪፓብሊክ ደቡብ ኮርያ ተመስሪቱ። ሓድሽ መንግስቲ ምስ ተመስረተ ኽኣ ኣብ ትሕቲ ፕረዚደንት ሲንግማን ሪ ተጸቒጡ ዝበረ ስምዒታት እናወጸ ብዙሕ ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ ደረአ ነበረ። ኽኣ ብዘይ ምቁራጽ እምቢታን ዕግርግርን ዝተሓወሶ ሰልፍታት እናኣካየደ ሃገር ናብ ሕንፍሽፍሽ ኣተየ። ናይዚ ፍታሕ ዕልዋ መንግስቲ ምዃኑ ዝኣምኑ ወተሃደራት ነቲ ሓድሽ መንግስቲ ኣልጊሶም ናይ ህጹጽ ግዜ መንግስቲ ኣዊጆም።

እቲ ካልኣይ ሪፓብሊክ ከረጋግኦ ዘይከኣለ ዕግርግር ሃገር ናብ ኮሙኒዝም ከይኣትዋ ዝሰግኡ ጀነራላት ንኽልተ ዓመት ዝጸንሕ ህጹጽ መንግስቲ ኣዊጆም። እቲ ወተሃደራዊ መንግስቲ ሃገር ኣብ ክንዲ ኣብ ሰልፍታት ተቓውሞ ናብ ልምዓት ከተተኩር ኣንፈት ኣትሒዝዋ። ብወተሃደራዊ ቅልጽም ንኽልተ ዓመት ምስ ኣረጋግኣ ምርጫ ክቶዩድ ፈቒዱ።




ኣብዚ ካልኣይ ሪፓብሊክ ጸረ-ዲሞክራሲ ዝተባህሉን ብበልሽውና ዝጥርጠሩን ዝተጸልጸሉ ግዜ እዩ ነይሩ። ብሓደ ወገን መንግስቲ ተቓወምቲ ንዝበሎም ይጸልጽልን ይኣስርን፡ ተቓዋሚ መንግስቲ ጀነራል ቾንግ ፓርክ ከኣ ፕረዚደንት ኰይኑ። ካብ 1963 ክሳዕ 1979 ኣብ ዝበረ ግዜ ሳልሳይ ሪፓብሊክ ድማ ደቡብ ኮርያ ሓንቲ ካብ ኣናብር ኤሲያ ዘሰመያ ምዕባለታት ኢንዱስትሪ ኣመዝጊባ።

መንግስቲ ጀነራል ፓርክ፡ ካብ ጃፓንን ዩኤሰኤን ሓገዝ እናተቐበለ ፍርያት ሰደድ ንዝልእኩ ኣውፈርቲ ብትሑት ሓረጣ እናለቅሐ ብዙሕ ምትብባዕ ይገብረሎም ነበረ። ህዝቢ ኣብ ክንዲ ኣብ ፖለቲካዊ ስምዒታት ናብ ትምህርትን ፍርያምነትን ተቓጺዑ ነቲ ድጉል ባህሊ ስራሕ ዘተባብዕ ሃዋህው ተኸፊቱሉ። ኣብ መንጎ ከተማን ሃገረሰብን ዘሎ ናይ ምዕባለ ፍልልያት ዘጽብብ መደባት ተገይሩ መሰረተ ልምዓት ዘመሓየሸ ዕማማት ተኻየዱ። ፕረዚደንት ፓርክ ቾንግ ንሳልሳይ ግዜ ክምረጽ ኣብ ዝወሰኑ ግዜ ድማ ተቓውሞታት ፈኺም እናበለ ኣብ ህዝቢ ዘይምርግጋእ ይፈጥር ስለ ዝበረ እዚ ንምቁጽጻር ድማ ናይ ህጹጽ ግዜ ኣዋጅ ተመሓላሊፉ። ፓርክ ቾንግ ኣብ ሳልሳይ ሪፓብሊክ ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ራብዓይ ሪፓብሊክ እውን ተመሪጹ። ን18 ዓመት ምስ ገዝአ ኣብ 1979 ብኣባላት ጸጥታ ተቐቲሉ ክሕለ ተኻኢሉ። ድሕሪኡ ስልጣን ክሕዝ ዝፈተነ ኣብ ወሽጢ ሓደት መዓልታት ብወተሃደራት ተመዝቢሉ ተኣልዩ።

ሃገር ብኢንዱስትሪ እናማዕበለት ብፖለቲካ ኸኣ እናተሓመሰት ክሳዕ 1988 ጸኒሓ። ኣብዚ ዓመት ዝተመስረተ ሻድሻይ ሪፓብሊክ ክሳብ’ዚ እዋን ናዕቢ ዘይብሉ ሰላማዊ ምርጫታት እናኣካየደ ኣብዚ በጺሑ - ክሳዕ ዝሓለፈ ወርሒ ታሕሳስ። ኣብ 3 ታሕሳስ ዝተኣወጀ ህጹጽ መንግስቲ ብወተሃደራትን ብህዝብን ኣብ ውሽጢ 6 ሰዓታት ፈሪሱ ኣሎ። ፖለቲካዊ ሕንፍሽፍሽ ግና ይቕጽል ኣሎ።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጸ. 247

**ለይ-ኣውት**
ፍርቱና ኤፍሬም | ትንሳኤ ፍስሃየ
ሓበን ገብረኣምላኽ | ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ሳምራዊት ሃብተ

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቊ.ስ.163471-07588045
**ምልክታ**
ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጸ. 1284

# ዳየሪ


ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ምጽዋረይ ዝጸንቀቅኩ....

*ሕዳር 2013*
*9:30 ድ.ቐ. - ሓመልማሎ*

ካብ ሓሳብ ኣየዕረፍኩን ቀንየ። ዝሓሰብክዎን ዝደለኽዎን፡ መገዲ ዓመት እናረሓቐኒ ጉድ ረኺበ። ጽቡቕ ክረክብ ኣይተዓደልኩን። ኲሉ ሕማቕ! ዝፈተንክዋ ስጉሚ ንድሕሪት ተንሸርትተኒ። ትምህርተይ ሓሚቐ። ናብራይ፡ ስድራይ፡ ስእነተይ፡ ጽምዋይ፡ መጻኢየይ ... ኣብ ገጽ እቲ ዘጽንዖ ኖት እናመጽአ ድቃስ ከሊኡኒ። ካብ መማህርተይ ተፈልየ በይነይ ምኻን ብዙሕ ግዜ እመርጽ ኣለኹ። እንታይ ደኣ'ሞ! ንሳተን ኣብ ብዙሕ ዕላለን ብዘይ ፍላጥ ቍስለይ እናጕድኣኒ። እተን ማእከል ስሕበተን ኲይነ ዝስመዐን ዝነበርኩ ደቂ ገዛይ (መሓዙተይ) ውሽጠይ ክፈልጣ ብዙሕ ግዜ ጽዒረን። ነጊረየን ኣይነጊረየን ዝገብርኦ ስለ ዘየለ ኣየዕለኩወንን። ድሓን ምኻነይ ነጊረ፡ ክፎኽሰን እፍትን።

ምስ መሓዙተይ ኣብ ክልተ መደቀሲ ኢና ተመቒልና ንድቅስ። ዝበዛሕና፡ ኣብታ ሓንቲ ኢና እንሓድርን እንእከብን። ትማሊ ምስ ገለ መማህርትና ኣብ መደቀሲና ቡን ክንሰቲ ተቓጺርና ስለ ዝነበርና፡ ካብ ንግሆ ኣላዒለን ኣጻራርየንኦ እየን። ዝበዝሐ ጓዕ ገልጠምና ኣብታ ሓንቲ ክፍሊ ተኣኪቡ። ኣነ ኸኣ ብዝከኣለኒ ጋዕገልጠመይ ምስቲ ኣቑሑት ኣብቲ ሓደ ክፍሊ ከም ዘቐመጥኩ መሲለ ምስኦም ክዛናጋዕ ጀሚረ። ጽቡቕ እናኣዕለልና ግን ዝጕድኣኒ ዕላል ስለ ዝጀመረ ሰላሕ ኢለ ወጺአ። ድሮ መሬት ዓይኒ ሒዙ ነይሩ። ኣብ ፊት ገዛና ቀኑብ ምስ ከድኩ ኣብ እግሪ ሓንቲ ገረብ ኮፍ ኢለ ሓሳብ ውሽጠይ ክሰላስል ጀሚረ።



እታ ብዙሕ ዘይትዛረብ መዳቕስትና ራድያ ክሳብ ትለግበኒ ኣይሰማዕክዋን። ብዘይ ዘረባ ኣብ ጕድነይ ኮፍ ኢላ። ኣባይ ዘለዋ ሓልዮት ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ እናዛየደ ክመጽእ ከስተውዕሎ ጀሚረ እየ። በይነይ ክኸውን ከም ዘይትደልየኒ ኣስተውዒለላ። ኣፋ ከፊታ "እንታይ ኴንኪ?" ኣይትብለንን እያ። መጺኣ ብዛዕባ ካልእ ዓለም ከተዕልለኒ ትፍትን። መጀመርታ ኣርኪባ ድያ? ዝብል ስምዒት ይመጽኣኒ ነይሩ። ኲነ ኢላ ትገብሮ ምህላዋ ምስ ፈለጥኩ ግን ኣነ'ውን ፈተኹዋ። ሎሚ ግን ዕላል ኣይከፈተትን። ካብ ሞባይላ ሓንቲ ደርፊ ግርማይ ዓንዶም ወሊዓትለይ፤

*"ኣካልኪ ክብሕት ደልዩ፡ ልብኺ ጽምዋ ሓርዩ*

*ጸገምኪ'ዩ ምጽሓይ ኣብዩ፡ ውሽጥኺ ምርጋእ ስኢኑ*

*ኣይ... ህይወትሲ ከምኡ እንድያ እንታይ ትጋየሺ*

*'ቲ ጸገም ሰጊርኪ ዝሓሽ ኣሎ ብቕድሜኺ፣*

*እንታይ'ሞ ትፈልጢ ሚስጢር ናይቲ ሓቂ*

*ድምቀታ ወርሒ መታን ከርኢ*

*ዶኾን ኣምላኽ ዘጸልመቶ ለይቲ*

*ኣይትጋየሺ ደኣ ካብ ዕላል ናይ መሳቱ*

*ንዒ ተሓወሲ ውሰዲ መቐረቱ..."*

ኣይተረድኣንን ነቢዐ። ቀስ ብቐስ ናብ ጥዑይ ብኽያት ሰጊሩ። ሰቕ ኢለ ክነብዕ ራድያ ትም ኢላ'ያ ርእያትኒ። ኣብ ጥቓ ትኪ ዘሎ ቈልዓ ኣይተብከ'ዩ ነገሩ። ኣብ ቀረባ'የ ጸኒሐ። ራድያ ብዘይ ዘረባ ስምዒተይ ትትንክፍ ደርፊ ወሊዓትለይ። እዚ'ዩ ጸገመይ ኢለ ደኣ ኣይንገራ'ምበር ገለ ከም ዘለኒስ ኣይስሓተቶን።

*"... ዓርኪ-መሓዛ ተሓቛቝፉ ክጻወት ፍቕሪ ማሚቑ*

*ዘይኣመልኪ ትርሕቂ ተሰግሊ*

*ንበይንኺ ፍልይ ትብሊ...*

*(....)*

*ውህደት ክልተ ገጽ'ወ መቐረታ*

*ስቓይዶ ኣይኮነን ሓጕስ መቐጸልታ*

*ራህዋ'ውን ናይ ጻዕሪ መኸተምታ*

*ምኻኑ'ዩ ጣዕሚ ናይ ምንባርና ጽባቐ*

*ስሒቕኪ ኣሕልፍዮ ሽሕ ግዜ እንተ ሓመቐ።"*

ራድያ ብኢዳ ሕቑይ ክትጥብጥበኒ ምስ ጀመረት ኣዕሚቐ ኣስተንፊሰ። ንብዓተይ ደው ኢሉ ፎኺሱኒ፣ ግና ኣይተሓጕስኩን። እቲ መሊኡ ዝጸንሐ ጭንቀተይ ጕዲሉለይ። ራድያ ክዳና እናነገፈት ተንሲኣ "ተስኢ!" በለትኒ። ኣነ ኸኣ ተሲአ። ናብቲ ጋዕ ገልጠምና ዝኣከብናሉ ክፍሊ ኣትያ ማይ ኣምጺኣትለይ ገጸይ ተሓጺበ። ምስ ነባዕኩ ዝፎኹሰኒ ጥራይ ኲይኑ ተሰሚዑኒ ነይሩ። ገጽ ራድያ ምስ ረኣኹ ግን ዝሓመቐኩ፡ ካብ ሰበይ ንላዕሊ ምጽዋረይ ዝጸንቀቕኩ ኲይኑ ተሰሚዑኒ። ግና ኲለን ከማይ ከም ዘይኲና እፈልጥ እየ። ነዛ ደርፊ ኣብ ሓንቲ እዝነይ መስምዒ ወቲፈ ደጋጊመ እሰምዓ ኣለኹ። ኣብ ዝተረፈ ዕላል፡ ነዛ ደርፊ እናሰማዕኩ ኮፍ ኢለ ኣምሰኹ።

**ውህበት ተስፋይ**

## ክንድ'ዚ ቊምነገር ኣሎኒ ድየ?

*05 ጥሪ 2020*

ዓሰርተ ግዜ ብዛዕባ ጽላለ ኣፍቃሪኣ እናመጽኣት ክትነግረኒ እንከላ፡ "ፍቕሪ ዓቃል'ያ ኣጆኺ ተዓገሲ!" እብላ ነይረ። "እንተ ነፊዕኪ ከምቲ ትደልይዮ ወዲ ክትገብርዮ ትኽእሊ ኢኺ። እቲ ካብኡ ትብህግዮ ነገራት ኣይትጽበዩ። እቲ ንዕኡ ዘድልዮ እንታይ'ዩ እንተ ፈሊጥኪ ብዛዕባኡ ኣዕዚዙ ከም ዝሓስብ ግበርዮ፡" ክብላ እንከለኹ፡ እንታይ ሓሲበ'የ ኣይፈልጥን። ግን ፍቕሪ፡ ብሓቂ ዓቃል'ያ። ኣዝያ ምጽማም ትደሊ። ትዕግስቲ ትደሊ። ብህይወተይ ድየ ዝጥምቶ ነይረ ኲይነ ኣይፈልጥን። ሰኣን ትዕግስቲ ሰብ ሃዲማትኒ፣ ንሳ ኸኣ ሰብ ስኢና። ሕጂ ክልተ ዝፋቐራ ልብታት ሰኣን ትዕግስቲ፡ ሰኣን ንእሽተይ ምጽማም ኣብ በበይነን ቀምሲለን "እህህህ...!" ክብላ ይውዕላ ኣለዋ። ነዚ ስለ ዝተራእየኒ ግዲ ኾይነ፡ "ንፍቕሪ ብዘይ ዓቕሊ ክትዕወተላ ኣይትኽእል ኢኻ። ሓቀኛ ኣፍቃሪት እንተ ኴንኪ ክትጽመምዮ ኣለኪ። ንፍቕርኺ ዘጥፋእክዮ ድማ ኣይከጣዕሰክን'ዩ። ሰኣን ንእሽተይ ግዜ ምሃብ ልብኺ እንተ ዓሚጽኪዮ ግን ክትጠዓሲ ክትነብሪ ኢኺ፡" ክብላ ይዝከረኒ። ኣነ ከም ዝተዛረብክዎ ዘይዝከረኒ፡ ንሳ ትዝክሮ'ውን መሊኣ'ዩ።

ዳየረይ፡ እዛ መሓዛይ ድራር ዓዲማትኒ'የ ከይደ። ንሳን ኣፍቃሪኣን ብሓባር ዝመደብዎ መደብ'ዩ። እቲ ኹሉ ዝብላ ዝነበርኩ ከም ጥቕሲ ጽሒፉ ኣብ መንደቕ ለጢፋቶ ጸንሓትኒ። በብሓደ ኣንቢበዮ። ኣዒንተይ ንብዓት መሊኡ። "ክንድ'ዚ ቊምነገር'ምበኣር ኣሎኒ'ዩ፡" ኢለ ሓሲበ። እምበኣር እቲ ናተይ ቃንዛሲ ንኻልእ ሰብ ህይወት ይህቦ'ዩ።

ኣፍቃሪኣ፡ "ሳላኻ ዓባይ ሰብ ከሲበ፣ ኣመስግነካ ድማ፡" ኢሉ ሓንቲ ህያብ ሃበኒ። "እንታይ ገይረ... 'ካብ ህይወተይ ተማሂረ!' ጥራይ እንድየ ኢለ፡" ኢለዮ። ነዛ ህያብ እናረኣኹ'የ ዘዕልለኪ ዘለኹ ዳየረይ። ልበይ ኣብ ክልተ ተመቒሉ ኣሎ። በቲ ሓደ ወገን ሓዚነ፡ በቲ ሓደ ኸኣ ተሓጒሰ።

**ሰለማዊ**

## ህያብ ወጋሕታ

*08:00 ቅ.ቐ.*

ንግሆ ምድሪ ሞባይለይ ድምጺ ምስ ገበረት፡ "እንታዋይ ድቃስ ዝኣበዮ ደኣሉ ብወጋሕታኡ 'መሰጅ' ዝሰድድ፡" እናበልኩ ናብ ሞባይለይ ኣበልኩ።

"ሓንቲ ጽብቕትን ሕያወይትን ጓል ነይራ። ጋሕጋሕ ንግሆ ተንሲኣ ሙዚቃ ትውልዕ። ዝበዝሐ ግዜ ናይ ትሬሲ ቻፕ ማንን ኣብርሃም ኣፈወርቂን ደርፈታት'ያ ትመርጽ። 'ህ' በልኒ...፡" ዝብል መልእኽቲ ጸንሐ። ከይደንጎኹ "ህ..." ኢለ ጸሓፍኩ። ሞባይለይ ከም ሽዑ ድምጺ ክትገብር ኣይናፈቕክዋን። መልሲ መጽአ፣

"መጀመርታ ትገብሮ ምንቅስቓስ ምልዓል ገዛ'ዩ። ምልዓል ገዛ ንዓኣ ስራሕ ዘይኮነ፡ ኣእምሮኣ መረጋግእን መጀመሪ ሕጉስ መዓልትን እያ ትቖጽሮ። ወትሩ ኸኣ ሕጉስቲ ነበረት። ኣብ ህይወታ ብኹሉ ዕግብትን ሕጉስትን እያ። ቀደም ዘይርድኣ ዳሕራይ ግን ከሕስባ ዝጀመረ ነገር ተሰመዓ። ጽምዋ! 'ህ' በልኒ...፡" ሕጂ'ውን 'ህ' ቀልጢፈ መለስኩ፣

"ይጽሙዋ ይጽሙዋ... ሓንቲ መዓልቲ ግን ሓደ ተኣምር መጽኣ። ካብቲ ኣብ ካንሸሎኣም ዝነበረ ኣግራብ ህይወታ እትኣሊ ጨራ ረኺበት። እታ ጭሩ ጠጥዕሙ ከተዕልላ ስለ ዝጀመረት ጽምዋ በየን ኣቢላ ከም ዝጠፍኣት ኣይተፈለጣን። ከም ቀደማ ድማ ብምልኣት ሕጉስቲ ኲነት። ድሕሪ ግዜ እዛ ጭሩ ኣብቲ ካንሸሎ ዝነበረ ስርሓ ወዲኣ ናብ ካልእ ካንሸሎ ክትከይድ ነይሩዋ። እዛ ጽብቕትን ሕያወይትን ጓል ግን ክጽምዋ ምኻኑ ተረድኣ። እታ ጭሩ ትማሊ ምሸት ክትሰናበት እንከላ ሓደ ሓሳብ ሓሰበት። ኣብቲ ብጣውላ ዝተሰርሐ ደንደስ ብራንዳ ጽብቕቲ ናይ ፍዮሪ ባዞ ኣዳለወት። ንግሆ ንግሆ ቀዲማ ነዚኣ ማይ ከተስትያ፡ ተማሕጸነታ። ኣብ ትሕቲ እታ ፍዮሪ ኸኣ ሓንቲ ልዕሊ መሓዛ ትኾነላ ህያብ ገደፈትላ። ሎሚ ንግሆ ድማ መልእኽቲ ሰዲዳ ነገረታ፡" እናጕየኹ ናብታ ባዞ ፍዮሪ ከይደ ሓፍ ኣበልኩዋ።

ብዘጋይጽ መጠቕለሊ ዝተጠቕለለት ህያብ ጸንሓትኒ። ክፍት እንተ ኣበልኩዋ ጽብቕቲ መዝገብ ዝኽሪ። ሕቑፍ ኣቢለ ሰዓምኩዋ። ናይ መጀመርታ ጽሑፈይ በዚኣ ጀሚረ። ንናይ ካንሸሎ ፍዮሪ ክነድፍ፡ ክዘርእን ክከታተልን ዝቐነየ ፈላጥ ስነ-ኣትክልቲ፡ "ተሓጕሰ! ኣመስግነካ!" መልሲ ሰደድኩሉ።

**ጀሚላ ሰዒድ**

## እንታይ ኰይነ ሓቢአሉ

*25 ለካቲት 2016*



ኣብ ሕውነት ዳርጋ ሓደ ዓመት ኣቑጺርና ኣለና። ሌላና ዋላ'ኳ ብሰብ እንተ ነበረ፡ ዝያዳ እቲ ሰብ ንሕና ንቃረብ። ከም ካልኦት ኣወዳት ኣይኲነን። ለባምን መስተውዓልን ዝያዳ ኸኣ ኣብ ስነ-ጽሑፋትን ኣብ ሰብ ዘለዎ ተገዳስነትን ምስ ረኣኽዎ ዝያዳ ፈተኹዎ። ምፍታወይ ግን ብዓይኒ ካልእ ኣይኲነን፣ ብዓይኒ ሕውነት እየ ዝፈትዎ። ብዓይኒ ካልእ ክርእዮ ኣይደልን።

ዋላ ሓንቲ ኣይሓብኣለይን'ዩ፣ እምነቱ መጠን የብሉን። ኣነ'ውን ኣይሓብኣሉን እየ። ግን ቅድሚ ሕጂ ፍቕሪ ጀሚረ ምንባረይ ነጊረዮ ኣይፈልጥን። ከም ሓወይ ይሕግዘኒ'ዩ ዝብል እምነት'ኳ እንተ'ለኒ፡ እፈርሕ ግን። "ንሱ ኣብ ጉዕዞ ፍቕሪ ዝሓለፎ ከዕልለኒ እንከሎ፡ ስለምንታይ ዘየዕልሎ?" እናበልኩ ነብሰይ እሓታ'ሞ ዘዕግብ መልሲ ግን ኣይረክብን።

እኣምኖ'የ፣ ሓወይ እዩ። ከም ሓብቱ መጠን ከኣ የኽብረኒ እዩ። ሓደ-ሓደ ግዜ ንገራጮ'ሞ ንሓደ ሰሙን ንኳረ። ኣሕዋት ግን ተባኢሶም ስለ ዘይብኣሱ፡ ቀልጢፍና የቕሬታ ተሓታቲና ንምለስ። ኲሉ ግዜ ነዛ ዘየዕለልክዎ ኣርእስቲ እናዘከርኩ ግን ስኽኽ እብል ኣለኹ። ክሓብኣሉ ደልየ'ኮ ኣይኲንኩን፣ ሕፍረት'ዩ። እሞ ንሓውኻ ከመይ ኢልካ ትሓፍሮ? ስለ ዘኽብሮ፡ ስለ ዝፈትዎ'ዩ ዝኸውን። ሕጂ እንተ ኣዕለልኩዎ ዘይኣመንክዎዶ የምስሎ? ኣየምስሎን'ዩ።

ንመሓዙተይ ብዛዕባ ናተይን ናይ ሙሴን ርክብ ኲሉ ግዜ'የ ዘዕልሎም። ዋላ'ውን ጽሑፋቱ የንብበዎ እዮም። "እዋይ እዚ መሓዛኺስ ተዓዊቱሉ፣ መሳጢ'ዩ ጽሑፋቱ፡" ይብሉኒ። ኣነ ኸኣ ስሙ ብጽቡቕ ክለዓል እንከሎ እሕጎስ፣ እሕበነሉ ኸኣ። እዞም መሓዙተይ ብኣካል ኣይፈልጥዎን እዮም። ብጽሑፋቱ ክንድ'ዚ ዝተደነቑ ደኣ ብኣካል እንተ ዘይዕልልዎ እንታይ ምበሉ።

እዋይ ኣነ! ክንዲ'ዚ ዝምክሓሉ ሓወይሲ ነዛ ነገር ሓቢኣሉ ኢለ ምስ ነብሰይ ተባኢሰ። በሊ ዳየረይ ድሕሪ ሕጂ ቅንጣብ'ውን ትኹን ከይሓብኣሉ ቃል እኣትወልኪ።

**ቅሳነት ሃብተ**

# ካብዝን ካብትን

ማርታ ክብሮም

## ንምንባር ትርጉም ዝህቡ ነጥብታት

1. ንኣበሻኻ ልዕለኻ ሓለፍት ክወስደላ ዝኽእል ሰብ ከም ዘየለ ምፍላጥ፦ ኣብ ዞርያኻ ዘለዉ መሓዙትካ ይኹኑ ሰድራቤትካ፡ ኣብ ገለ ንጥፈታት ናይ ህይወትካ ክሕግዙኻ ይኽእሉ ይኾኑ፡፡ ንኹሉ እትነብሮ ናብራን እትወስዶ ውሳኔታትን ግዱ ብዘይኻ ሓለፍቲ ዝወስድ ኣካል ከም ዘየለ ክተስተውዕል ይግባእ፡፡ ዝኾነ ነገር ምስ ዘጋጥመካ ንኻልኦት ሰባት ዘይምውንጃል፡፡

2. ሓገዝካ ካብ ካልኦት ሰባት ዘይምድላይ፦ ሰባት ኣብ ሓገዝካ ተራ እዮ ክህልዎም ዝኽእል እምበር፡ ምንጪ ሓገዝካ ክኾኑ ኣይክእሉን እዮም፡፡ ስለዚ ኣብ ነበሻኻ እወታዊ ኣረኣእያ ይሃልኻ ከምኡ'ውን ንኣበሻኻ ከም ዘላታ ተቐበላን ኣፍቅራን፡፡ እዚ ሓገዝካ ምሉእነት ዘለዎ ንክኸውን ክሕግዘካ እዩ፡፡

3. ኩሉ ነገር ኣጉዲሉ ምኻኑ ምርዳእ፦ ምስትየም ብሰባትን ኣከባቢኦምን ዝተናዕቁ ዝመስሉ ሰባት ግዜ ክተሕልፍ ጸገር፡፡ ከምኡ'ውን ንተራ ዝመስሉን ንኣሸቱ ነገራትን ዘይምንዓቕ፡፡ እዚ ሓገዝካ ወሽጣዊ ሰላምን ከም ዝህልወካ ዝገብር እዩ፡፡

4. ምስ ወልፍታት ኣብ ዝተሓሓዘ ጉዳይ ሓለፍነታዊ ምኻን ናትካ ግደ ምኻኑ ምፍላጥ፦ ሕማቅ እናሰራሕካ ጸቡቕ እሰርሕ ኣለኹ ኢልካ ንኣበሻኻ ከተታሻሽዋ ቀሊል እዩ፡፡ ብዙሓት ሰባት ኩሉ ግዜ ጸቡቕ ጥራሕ ከም እንሰርሕ ንኣበስና ከእምና ንደሊ ኢና፡፡ እዚ ግና ነበስና ካብ ምህላይን ምዕናውን ሓሊፉ ዝገብሮ ነገር የለን፡፡

5. ነበሻኻ ንምምዕባል ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ምክያድ፦ ክጠቕመካ ዝኽእል መጽሓፍቲ ኣንብብ፡፡ ምንባብ ሃዲእካ ምስ ነበሻኻ ክተዕልልን ግዜ ክትወስድን ይሕግዘካ፡፡

6. ምሉእ ግዜኻ ንስራሕ ዘይምውፋይ፦ ህይወት ብዖበእ እንተ ኣርናያን ኣስተማቐርናያን ኣደናቒት ጉዕዞ እያ፡፡ ስለዚ ምስ ሰድራኻ፡ መሓዙትካን ነበሻኻን ተሕልፎ ግዜ ይሃልኻ፡፡ ስራሕ ትርጉም ምንባርካ ገደርካ ኣይትወሰዶ፡፡ ኩሉ



ሰብ ንኽኑበር እዩ ዝሰርሕ፡ ንኽሰርሕ ኣይኮነን ዝነብር፡፡ ብዝሰራሕናዮ ገንዘብ ከምቲ ዝደለ ንህይወት ከየስተማቐርናያ ምንባር እኳደርጽ ሰባት ውሑዳት ኣይኮኑን፡፡


7. ሰላም ዝመልኦ ህይወት ክትነብር ናትካ ምርጫ ምኻኑ ምፍላጥ፦ እዚ ዓይነት ህይወት ንኽትነብር ብዙሓት ኣለ መጠን ምስ ሰባት ብፍቕሪ ንበር፡፡ ካብ ጭኣሰን ዘደድልዩ ክትዓትን ረሓቕ፡፡

8. ፍርሒታትካ ምውጋድ፦ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ከይጋኔ ከይወድቕ ብሰባት ከይጸላእ ኩታስ ዝኾነ ኣሉታዊ ነገር ከየጋጥሞ ስግኣትን ፍርሕን ኣለዎ፡፡ ኣብ ህይወት ምምሃር እምበር፡ ጌጋ ዝበሃል ነገር የለን፡፡ ንዘዋንቀፈካ ነገር መለስካ ምስ እትደግሞ እዩ ጌጋ ዝበሃል፡፡ እዞም ሎሚ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ዕውታት፡ ሃብታማትን ዓበይቲ መራሕትን ኩይኖም ንርእዮም ዘለና ካብ ካልኦት ሰባት ንላዕሊ ስለ ዝፍዑን ዝበልሑን ኣይኮኑን፡ እንታይ ደኣ ፍርሖም ሰጊሮም ጉዕዞኦም ስለ ዝቐጸሉ ጥራይ እዩ፡፡ ስለዚ ንፍርሒታትካ እንተ ሰጊርካዮ እንታይ ክትገብር ከም ዝኽእል ብምፍላጥ ሓሳባትካ ከተካፍል ኣይትሸገርን፡፡

9. ዝሓለፈ ግዜ ከም ዘይምለስ ምዝካር፦ ገንዘብ ኣብ ዝኾነ እዋን ክትረኽብ ትኽእል ትኸውን ኢኻ፡፡ ዝጎደለካ ነገር'ውን ብገንዘብ ክትዕድጎ ትኽእል ትኸውን፡፡ ግና ኩሉ ግዜ እንዝንግዖ ነገር ኣሎ፡ "ግዜ ኣሎ፡ ጸባሕ የርክበሉ እየ" ብዝብል ምስምስ ዘይተኣደነ ግዜ ነባኽን፡፡ ክትገብሮ ዝደለኻ ነገር፡ ኣብ ግዜኡን ሰዓቱን ምግባር ዝበለጸ እዩ፡፡ ብዝተኻእለ መጠን ምውንዛፍ ኣወግድ፡፡ ንሎሚ ጥራይ ከም እትነብር እናሓሰብካ ንበር፡፡

## ኣብ ገዛእ ርእስኻ ምእማን

ኣብ ሓደ ከተማ ኣብ ምምጻእን ምልኣኽን ዝጥፍ ዓቢ ነጋዳይ ነበረ፡፡ ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ ብዚ መጺኡ ዘይተባህለ ናይ ንግዲ ጥፈሻ ኣጋጠሞ፡፡ ከለቅሖ እዩ ወይ እውን ክሕግዞ ይኽእል እዩ ዝበሎ ሰብ ስለ ዘይነበሮ፡ ንበይኑ ኣብ ከቢድ ጭንቀት ኣተወ፡፡ ኣብ ከምዚ ኩነታት እንከሎ ሓደ ዓቢ ሰብኣይ ብርሒቕ ኩይኑ ከጎታቱ ክዕዘብ



ድሕሪ ምጽናሕ ናብኡ ቀሪቡ እንታይ ከም ዘጋጠሞ ሓተቶ፡፡ እቲ ነጋዳይ'ውን ኩሉ ዘጋጠሞ ብዝርዝር ኣዕለሎ፡፡ ቀጺሉ እቲ ሽማግለ ሰብኣይ፡ "ስምካ መን እዩ?" ኢሉ ብምሕታት ናይ 500 ሽሕ ቼክ ጽሒፉ፡ "ንዓመታ ልክዕ ከምዛ እዋን ትመልሰለይ" ብምባል ሂቡ ተፋነዎ፡፡

ነጋዳይ ብዘጋጠሞ ነገር እናተገረመን እናተሓጎሰን ደጊሙ ናብ ንግዲ ዓለም ክምለስ ሞራል ኀበራ፡፡ ቀዳሞ ዝመጽኦ ሓሳብ ድማ፡ እቲ ሽማግለ ዝሃቦ ገንዘብ ከም ተቐማጢ ብምሓዝ ብዘበሮ ገንዘብ ከይተሰከፈ ንግዲ ምጅማር እዩ፡፡ ከምኡ ድማ ገበረ፡፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ብዙሕ ምዕባለታት ኣርኣየ፡፡ ቀጺሉ ዕዳጋታቱ ናብ ንቡር እናተመልሰ ከደ፡፡ ልክዕ ኣብ ዓመቱ ከኣ ናይቲ ሽማግለ ሰብኣይ ዕዳ ክመልስ ኣብ ቦታ ቍጸራ ተረኽበ፡፡ እቲ ሽማግለ ሰብኣይ'ውን ኣብኡ ጸንሖ፡፡ ብዘዕባ ዝረኸቦ ዓወት ነገሩ ብዙሕ ከም ዝገበረሉን ኣቐዲሙ ከመስገኖን እናሓሰበ ከሎ፡ ሓንቲ ጸዕዳ ክዳን ዝተኸደነት ነርስ ብጉያ ናብኡ ክትቀርብ ተዓዘበ፡፡ ነርስ ኣቓልቦኣ ናብኡ ብምግባር፡ "ይቕረታ እዚ ሓወይ እዚ ሰብኣይ ብዙሕ ረቢሹ ይኸውን እዩ" በለቶ፡፡ ትብሎ ዘላ ምስቲ ኣብ ወሽጡ ዘሎ ነገር ስለ ዝተጋጨዎ ዘረባ ከየውጽአ ብኣተከሮ ጥራይ እናተዓዘበ ናብቲ ሰብኣይ ይጥምት ነበረ፡፡ ነርስ ኩነታቱ ብምምልካት ብዛዕባ እቲ ሰብኣይ ከተብርሃሉ ጀመረት፡፡ "እዚ ሰብኣይ ኣነ ሃብታም እየ እናበለ ንብዙሓት ሰባት ናይ ሓሶት ቼክ እናጽሓፈ ከለቅሕ ጸኒሑ እዩ፡፡ ኣብ ሕሰቡ ግን ወላሓንቲ ክፍኣት የብሉን፡፡" ብምባል ኩነታት እቲ ሽማግለ ሰብኣይ ኣብርሃትሉ፡፡ ደጊማ ይቕረታ ሓቲታ፡ ነቲ ሽማግለ ሰብኣይ ሒዛቶ ከደት፡፡

እቲ ጠፊሹ ዝበረ ደሓር ግና ናብ ንቡር ዝተመልሰ ነጋዳይ ብዘበሮ ሒደት ገንዘብ ክሻይጥን ክገዝእን ዘኽኣሎ ኣብ ኣእምሮኡ 'ቅሙጥ ገንዘብ ኣሎኒ!' ኢሉ ይሓስብ ስለ ዝበረ እዩ፡፡ ኩታስ ኣብ ገዛእ ርእሱ ስለ ዝተኣማመነ እዩ፡፡ ኣብ ገዛእ ርእስኻ ምስ እትተኣማመን ንመገዲ ዓወት ኣዚኻ ኢኻ ቀሪብ፡ ከምኡ'ውን ዘጸግመካን ዘሸግረካን ነገር ኣይህሉን፡፡

እቲ ነጋዳይ ሽሕ'ኳ ቅሙጥ ገንዘብ ኣሎኒ ኢሉ ይሕሰብ፡ ኣብ ገዛእ ርእሱ ስለዝተኣማመነ እዩ ኣብ ዓወት በጺሑ፡፡ ካብ ሰብ ሓገዝ ኣይትደልን ማለት ኣይኮነን፡፡ ኣብ ሰብ ምምርኳስን ካብ ሰብ ሓገዝ ምጽባይን ግና ፍልልይ ኣለዎ፡፡ ስለዚ ንሕና'ኸ ኛናይ ኢና እንመርጽ? ኣብ ሰብ ምምርኳስ ጉዱፍና ኣብ ገዛእ ርእስና ምስ እንምርኮስ ኢና፡ ናብ ዓወት እንበጽሕ፡፡



## ታና ቶራጃ

ቀቢላ ታና ቶራጃ ኣብ ደሴታት ሱላወሲ - ኢንዶነዥያ ይነብሩ፡፡ ገዛ ቶራጃ 'ቶንግኮናን' ዝበሃል ኩይኑ ፍሉይ ጥበብ ዝረኣየሉ እዩ፡፡ ሃይማኖት ቀቢላ ታና ቶራጃ ናብ ሱላወሲ ብህዝቢ ሆላንድ ዝተኣታተወ ኩይኑ 'ኣሉክ ቶ ዶሎ' (መንገዲ ናብ ኣቦታት) ይበሃል፡፡ ባህሊ ቶራጃ ኣብ ሞትን ድሕሪ ሞት ኣብ ዘሎ ህይወትን ይግደስ፡፡ ስለዚ ስርዓተ ቀብሪ ኣብዚ ቀቢላ ኣገዳሲ እዩ፡፡ ኣብ ግዜ ቀብሪ ዓቢ ጸምብል የካይዱ፡ ንምሉእ መዓልቲ ዝቕጽል መደብ ኩይኑ ደሰስዑን ኣብዑርን ሓሰማን ይሓርዱ፡፡

ዝዓበየት ከተማ ታና ቶራጃ፡ 'ራንተፓ' ትብሃል ኩይና ኣብ ጎቦታት ተደኲና ትርከብ፡ እታ ከተማ ብእምነ በረድ ዝተሰርሐት ብምዃና ንምርኣያ ሱሓብት ከተማ ምኻና ይገልጽ፡፡ ቀቢላ ታና ቶራጃ፡ ውሑድ ዘይኮነ ማስሕብ በጻሕቲ ዝኸውን ሱሓቢ ቦታታት ኣለዎም፡፡ ናብ ሱላወሲ ምስ ከድካ፡ ገለ ካብቶም ቀንዲ ክትበጽሖም ዘለካ ቦታታት፦

1. ሊሞ፦ ሓደ ካብቲ ዝበለጸ ቦታ እዩ፡ ሊሞ ብሓወልትታት ዝቘመ መቓብር እዩ፡፡ ናብ ሊሞ ዝኸዱ ሰብ ክድይብ ይኽእል እዩ፡፡

2. ሎንዱ፦ ብዘበዘሐ መቓብር ዘለዎ ቦታ እዩ፡፡ ኣብ ሎንዳ ብኻንዱቕን ኣዕጽምትን ዝመልኦ ክልተ ዓበይቲ ጉናጉዲ ኣለዋ፡፡ ብመንገደን ንውሽጢ ምስ እትኣቱ ንዋዊሕ ዝኸዱ ዓበይቲ ገበርያታት ኣለዉ፡፡

3. ከተ ከሱ፦ ጥንታውያንን ባህላውያንን ገዛውቲ ቀቢላ ቶራጃ ዝርከቡሉ ቦታ እዩ፡፡ ኣብዚ ገዛውቲ ኣብ መንደቑ ዝተወቐረ ምስሊ ናይ በዓትታት ኣሎ፡፡

4. ማካሌ፦ ዝበረኸ ቦታ ናይ ሱላወሲ እዩ፡፡ 'ቡንቱ ቡራከ' ገዛእቲ ናብ ቦትኦም ምስ መጽኡ ምስ ክርስትና ዝተሓወሰ ሃይማኖት ምኻኑ ይገልጽ፡፡ ስለዚ ኣብ ማካሌ ካብ ዓለም ብዕበዩ ምስ ቀዳሞት ዓሰርተ ዝሰራዕ ሓወልቲ እየሱስ ክርስቶስ ኣሎ፡፡ ናብ ማካለ ምስ እትድይብ ንዘሎኻ ብቐረባ ክትከታተሎ ዝደለኻ ነገር ክትርእዮ ኣይትሸገርን፡፡

5. ቡንቱ ፑን፦ ጥንታውያን ቅርሲታት ዝርከብሉ ቦታ እዩ፡፡ ቀንዲ ማስሕብ በጻሕቲ'ውን እዩ፡፡

## ካብ ባህርያት ትዕቢተኛ ሰብ

1. ትዕቢተኛ ሰብ ኣብ ናይ ካልኦት ጉድለት ዘተኩርን ንድኽመታት ካልኦት ሰባት ንምርኣይ ፈጣናት ኣዒንቲ ዘለውኦን እዩ፡፡

2. ትዕቢተኛ ሰብ ኣበር ናይ ምውጻእን ናይ ነቐፌታ መንፈስን ዘለዎ ኩይኑ በደል ካልኦት ሰባት ኣግዚፉ ብምርኣይ ናቱ በደል ግና ኣንኢሱ ዘርኢ መጸርር ዝጥቀምን እዩ፡፡

3. ትዕቢተኛ ሰብ ኣብ ስልጣን ናይ ዘለዉ ሰባት በደሎም ንምርኣይ ቅልጡፍ እዩ፡፡ እቶም ዝዕዘም ስሕተት ወይ ጌጋታት ንኻልኦት ሰባት ምዝራብ'ውን ይብርሆ፡፡

3. ትዕቢተኛ ሰብ ብዛዕባ ገዛእ ርእሱ ዓቢ ግምት ብምሃብ ንኻልኦት ሰባት ይንዕቕ፡፡

4. ትዕቢተኛ ሰብ ኩሉ ነገር ከም ዝሰመረሉ ክፍለጥ ይደሊ፡፡

5. ትዕቢተኛ ሰብ ክብረት ርእሱ ይደሊ፡ ከምኡ'ውን ብዝገብሮ ጸዕርን ብዝሓልጦም ስርሓትን ክፍለጥን ክምስገንን ይናፍቕ፡፡

6. ትዕቢተኛ ሰብ ምስ ሰብ ዘለዎ ርክብ ብዝተወሰነ ርሕቀት እዩ ዝገድቦ፡ ንፍቕሪ ዝኸውን ልቢ የብሉን፡፡

7. ትዕቢተኛ ሰብ ኣብ ግዜ ምዝርራብ ዘይምርድዳእ ወይ ዘይምስናይ ክፍጠር እንከሎ፡ እቶም ምስኡ ዘይተቓደዉ ሰባት ይቕረታ ክሓትዎ ጥራይ እዩ ዝጽበ፡፡

8. ትዕቢተኛ ሰብ ጌጋኡ ክትነግሮ እንከለኻ ኣብ ሓደ ጸግዒ ኩይኑ ንርእሱ ክከላኸል እዩ ዝጅምር፡፡

9. ትዕቢተኛ ሰብ ንሰባትን ንጠኒታትን ኣብ ትሕቲኡ ከእትዎም እዩ ዝፍትን፡፡ ኩሉ ነገር ብፍቓድ ናቱ ጥራይ ክኸውን ስለ ዝደሊ ናይ ምዝዋር ባህሪ ኣለዎ፡፡

በዘን ነጥብታት ተጠቒምና ነብስና ምስ መዘንና ብኸመይ ከውግዶ ከም እንኽእል ንሕሰብ፡፡ ምኽንያቱ ብሰንኪ ትዕቢትና ንኸስሮ ብዙሕ ነገር ክህሉ ግድነት እዩ፡፡ ስለዚ ንሰባት ከመይ ገይርና ከፍቅሮም ከም እንኽእልን ብኸመይ ትሕትና ብዝመልኦ መገዲ ክንቀርብ ከምእንኽእልን ንሕሰብ፡፡

# ልቦናን ፍልስፍናን

ምሉእብርሃን ሃብተገብረኤል

“ሓሳባት ማለት ሩሑ ምስ ገዛእ ርእሱ ክዛረብ እንከሎ እዩ።” - ፕላቶ

“ብቲ ነቲ ጸገም ዝፈጠርናሉ ኣተሓሳስባ ሓሲዝና ነቲ ጸገምና ክንፈትሖ ኣይንኽእልን ኢና።” - ኣልበርት ኣይንሽታይን

## ዓንኬል ሓሳባት

ሓይሊ ሓሳባት መውዓእታ የብሉን። በየን ጀሚርካ በየን ከም እትዛዝሞ ይሕርብተካ። ገለ ሓሳባት ሓጎስ ይፈጥሩ። ብመንጽሩ ካልኦት ሓሳባት ናብ ዘይትወጽኦ ጉንጺ ከእትዉኻ ይኽእሉ እዮም።

ቶማስ ኤዲሰን፡ “እቲ ዝበለጸ ኣተሓሳስባ ኣብ እዋን ብሕትውና እዩ ዝቀላቐል። እቲ ዝኸፍአ ኣተሓሳስባ ድማ ኣብ እዋን ዕግርግር ይፍጠር።” ዝበሎ ዓቢ ቀምነገር እዩ። ኣተሓሳስባ ግዜን ቦታን ይመርጽ እዩ። ነዚ ንምፍላጥ፡ ኣቓዲምና ንዋጋ ኣተሓሳስባ ክብሪ እንህብ ሰባት ክንኸውን የድልየና።

ሰብ ንኣተሓሳስብኡ እዩ ዝመስል። እቲ ጸቡቕ ኣተሓሳስባ ዘለዎ ሰብ፡ ምሉእ መዓልቲ ጸቡቕ ነገር ንገዛእ ርእሱን ንኻልኦትን ክገብር ይወዕል። እቲ ሕማቕ ኣተሓሳስባ ዘለዎ ሰብ፡ ንገዛእ ርእሱን ንኻልኦትን ብሕማቕ ተግባራቱ ክሳቐ ይውዕል።

ገለ ሰባት፡ “ንሕና ንክውንነትና ንፈጥሮ” ንዝበሃል ሓሳብ ክሰምዑ እንከለዉ ምሕር እዩም ዝኮሃዩ። ንሱ'ዩም ዚ ሓሳብ ከም ንግዳይ ምውቃስ ገይሮም እዮም ዝወጽእርዎ።

እቶም ዕወታት ሰባት ግዱ ንኽሰማዚ ዓይነት ሓሳባት ብጹጋ ይቕበልዎ። እዉ ንክውንነቶም ባዕሎም ስለ ዝፈጠርዎ፡ ዕወታት ከም ዘሽሉ ንገዛእ ርእሶም የእምንዎ። ኣብ ገለ ጉዳይ ክድኽሙ እንከለዉ ድማ፡ ነቲ ሓላፍነት ባዕሎም ይወስድዎ እምበር፡ ናብ ካልኦት ሰባት ኣየላግዝዎን እዮም። ንዕኦቶም ዚ ሓሳብ ምኽሓድ ማለት ንገዛእ ሓይሎም ከም ምኽሓድ እዩም ዝወጽእርዎ።

ኣብ ህይወትና ሰለስተ ነገራት ከም ዘለዉ ምስትውዓል ኣገዳሲ እዩ - ንሕና እንቈጻጸርም ነገራት፡ ንሕና እንጸልዎም ነገራት ከምኡ እውን ንሕና ክንቈጻጸርም ዘይንኽእል ነገራት።

ንሕና ዘይንቈጻጸርም ነገራት፡ እቶም ኣብ ህይወትና ሃንደበት ዘጋጥሙና ፍጻመታት እዮም። ኣብ እዚ መዳይ እቶም ንሕና እተወለድናሉ ስድራ ቤታት፡ ምንቅጥቃጥ መሬት፡ ተላባዒ ሕማማት፡ ካብ ስራሕ ምስጓግ፡ ሞት ናይ መቕርብ፡ ሓደጋ ሓዊ፡ ሓደጋታት ትራፊክ . . . ክጥቀሱ ይኽእሉ። እዚኣቶም ኣብ ዝኾነ እዋን ኪጋጥሙና ዝኽእሉን ወትሩ ዘኸትሉናን እዮም።

ኣብ እዚ ቐረባ እዋን ኣብ ሃገርና ኪጋጥም ዝቐጸ መጠነኛ ምንቅጥቃጥ መሬት፡ ክሳብ ክንደይ ኣሻቕሊና ከም ዝነበረ ኩልና እንዝክሮ ክስተት እዩ። ኣብ ገለ ሃገራት ብዕልቕልቕ ማይን ብባርዕ ጫካን ከቢድ ሰባውን ንዋታውን ዕንወት ከም ዝወርድ ዘሎ እውን ቀጻሊ ብመራኸቢ ብዙሓን ንከታተሎ ኣለና።

ብመንጽሩ ንሕና ብተግባራትና ንኻልኦት ህይወታውያን ነገራት ንጸልዎም ኢና። ንሽኻ ናብ ሓደ ክፍሊ ምስ ኣተኻ ንሓደ ኣብኡ ዝጸንሓካ ጋሻ እሰከ ብጹፍዒት ኣላድዮ። እቲ ሰብ ዝተፈላለዩ ግብረ መልስታት ክህብ ተኽእሎ ኣሎ። ብፍሽኽታ ስለ ዘይቀረብካዮ፡ ብፍሽኽታ ግብረ መልሲ ክህበካ መቸም ኣይትጸበዮን ኢኻ።

እቲ እተጻፍዐ ጋሻ ብስንባደ ዝኣክል እግሩ ናብ ዝመርሖ ብጉያ ዝረግጾ ዘይፈልጥ ይሃድም ይኸውን። ምናልባት እውን ብጼጋማይ ጉንዲ እዝኑ ምስ ጸፋዕካዮ፡ የማናይ ጉንዲ እዝኑ ይህበካ ይኸውን። ተመላሱ ሸውዓተ ሰይጣውንቲ ክሳብ ዝረኣየካ ክጸፍዓካ እውን እኮ ይኽእል እዩ። ክንዲ ዝኾነ ኸኣ እቲ ሰብ ዝህበካ ግብረ-መልሲ ባዕልኻ ከቶ ክትውስኖ ኣይትኽእልን ኢኻ።

እቲ ንሕና እንቈጻጸር፡ እቲ ንሕና ንክውንነትና ንምፍጣር ናይ ብሓቂ እንጅምረሉ፡ ኣብ እቶም ኣብ ህይወትና ንሕና ብዛዕባ ፍጻመታት እንምገዝኦ/እንትንትኖ/እንሓስቦ ከምኡ እውን ንሕና ብፀህርያትና እንህቦ ግብረ መልሲ እዩ ዝምርኩስ።

ንሓሳብትኻን ተግባራትካን ክመርጸልካ ዝኽእል ካልእ ሰብ የለን። እዚኣቶም ናይ ባዕልኻን ናይ በይንኻን እዮም። ክንዲ ዝኾኑ ዚ ፈሊጥካ ብዙሃኦ ክትጥቀመሉ ይግባእ።

ነገራት ከም እቲ ንሽኻ ዝሓሰብካዮም ወይ ዝወጠንካዮም እንተ ዘይከይዶምልካ፡ እንታይ ከም ዝስዕብ ዳርጋ ፍሉጥ እዩ። እወ ጉዳይ ኣሉታውያን ስምዒታት ኢኻ እትኸውን። ጉዳይ ቁዛሩት እትኾኑ ተኽእሎ እቲ ዝሰፍሐ ይኸውን። ካብ እቲ ቁዛሩት ቀልጢፍካ እንተ ዘይተገላገልካ፡ ዘይካብረካ ባሀሪ ከተማዕብል ትጀምር።



ንኣብነት፡ ዝበዝሐ ግዜኻ ኣብ ዓራት ደቂስካ ክተጠቕዕ ትኽእል። ካብ እቲ ቅድሚ ሕጂ ዝበርካ ስምዒትን ተግባራትን ዝተፈልየ ኻእ ተንጸብርቕ። ኣብ ሓሳብትካ ኣመና ዕቱብ ክትከውን ይግባእ። ንሓሳብትካ ደጋግምካ እንተ ሓሲብካዮም፡ ከም ሓቂ እንተ ተቐቢልካዮም፡ ኣብ መውዓእታ እምንቶታት ይኸውን። እምንቶታት ተገንዘቦኣዊ ሌንስ ይፈጥሩ። በቲ ሌንስ ኣቢልካ ንፍጻመታት ዓለምካ ትትርጉሞም። እዚ ሌንስ ኑቲ ንሽኻ ከም ሓቂ እትቐጽሮ እምንቶ፡ ብናቱ መንገዲ ኣብ ምጅራይ እተጸምደ እዩ።

ንኣብነት፡ ንሽኻ ምስ መጻምድትኻ ተፈላሊኻ እሸከ ንበል። ከም እምንቶኻ ጠንቂ መፈላለዩኹም ንሽኻ መልክዐኛ ስለ ዘይኮንካ እዩ። ካልእ መዓልቲ ንሽኻ ኣብ ገለ ምዝንጋዕ ትሳተፍ። ኣብ እቲ ኣጋጣሚ ዓሰርተ ሰባት መልክዐኛ ምኻንካ ይነግሩኻ። ሓደ ሰብ ከኣ ኣኩዳድናኻ ኣዝዩ ምዕሩግ ምኻኑ ይገብረካ። ብሶላ እዞም ርእይቶታት፡ ንዝዞኻ ክትምለስ እንከለኻ ርእሰኻ ከተቕንዕ ዕድል ይፈጥረልካ።

እታ ኣብ ገዛኻ ዘጸንሐት ሌንስ ዳሞማይ ኑቲ ርእይቶታት ናብ ምጅራይ ምስ ሓለፈት፡ እቲ ኣብ ኣእምሮኻ ዝጸንሐ እምንቶ መሊሱ ይደግሞ። ስለምንታይ እየ ኣነ ኑቲ ዝሓመቐ ክዳይ ጥራይ ዝኸደን? ንዓይ እኮ ቀዲ ኣኩዳድና ዝዝል የብለይን። ካልኦት ሰባት ካብይ ዝሓሸ እዮም ዝኸዱ። ኣነ ልክዕ ንዝኸሰረ ሰብ እየ ዝመስል።

ኑቶም ጸቡቕ ከም ዘለኻ ዝዘረቡኻ ዓሰርተ ሰባት፡ ብሓንሳእ ክሕድ ተብሎም። ንሽኻ ኑቲ ኣብ ኣእምሮኻ ሓንሳእ ዝቐረጸካዮ እምንቶ ጥራይ ኢኻ ከም ሓቂ እትቕበል። ክንዲ ዝኾኑ ናብ እታ ግናይ መልክዕ ከም ዘለካ ዝበርካ እምንቶ ትምለስ።

## ጽንዓት ኣእምሮ

ኣእምሮ መብዛሕትኡ ግዜ ኑቲ ቀዳሞ ዝተቐበሎ ሓበሬታ፡ ብኻልእ ኣንጻራዊ ሓበሬታ ክትክኦ ኣይደልን እዩ። ንሓደ እምንቶ ምስ ተቐበለ ብእኡ ክየጹ እዩ ዝሰልጥ። ኑቲ ሓንሳእ ዝተቐበሎ እምንቶ ከም ኣብ ከውሒ ዝተወቕረ ጽሑፍ ንነዊሕ ግዜ ከዩህሰሰ ክሕዞ እዩ ዝመርጽ።

ክንዲ ዝኾኑ እቶም ኣብ ቁዛሩት ዝርከቡ ሰባት ዝያዳ ቁዘሙ ዓለም እያ ትረኣዮም። መዓስ እዚ ጥራይ በዚ ምኽንያት እዩ እውን ኣብ ዓለም ዘለኻ ኣመለኻኽታ ‘ሓቂ’ ዝኸውን። መብዛሕትኦም ሰባት ዘይርድእዎ እንተ ሃልዩ እምበኣር፡ ንሱ'ዩም ኣብ ናይ ገዛእ ርእሶም ሓቂ ኣብ ምፍጣር ይሳተፉ ምህላዎም እዩ።

ብመንገዲ እታ መጸረይት እምንቶኻ ካብ ኣከባቢኻ እትወስዶ ናትካ ርእሱ-ኣምር (self-concept) እዩ ዝኸውን። ናትካ ርእሱ-ኣምር፡ ‘ኣነ እኮ’ ዘትሕዝዙዮኣም እምንቶታት ማለት ብዛዕባ ንሽኻ ኣብ እዚ ህሉው ግዜ እንታይ ምኻንካ ከምኡ እውን ‘ኣነ እኽእል’ ዘትሕዝዙዮኣም እምንቶታት ማለት ንሽኻ ኣብ መጻኢ እንታይ ክትሰርሕ ከም እትኽእል ዘጠቓልል እዩ።

ካብ እዞም ‘ኣነ እኮ’ ከምኡ እውን ‘ኣነ እኽእል’ ዘትሕዝዙዮኣም ምሉኣት ሓሳባት፡ ንሽኻ ብዛዕባ መን ምኻንካ ንገዛእ ርእሰኻ እትነግራን ካልኦት እትነግሮምን ዛንታታት ትፈጥር። ‘ኣነ ዝኣክል ክእለት የብለይን፡ ኣነ ተፈቃሪ ኣይኮንኩን፡ ኣነ ክዝብሮ ኣይክእልን እየ፡ ኣነ በሊሕ እየ፡ ኣነ እምብዛ ክኢላ እየ፡ ኣነ ሹቶታተይ ክወቅዕ እኽእል እየ . . .።’ ዘትሕዝዙዮኣም ክኾኑ ይኽእሉ።

ኣብ ገዛእ ዛንታኻ እቲ ቐንዲ ገጸ ባህሪ ንሽኻ ባዕልኻ ኢኻ። ኑቲ ድራማዊ ጽሑፍ ወይ ‘ስክሪፕት’ ብምስራሕ ርእሰ ኣምርካ ኢኻ እትጽሕፎ። ብዓበኡ ኸኣ ርእሱ ፈጠራ እዩ ክበሃል ይከኣል።

ኑቲ ንሽኻ እትሓስቦ ዛንታ ኢኻ እትጽሕፎ። ኑቲ ዛንታ ብምስራሕ እቲ ንሽኻ ከም ሓቂ እትኣምኖ ትጽሕፎ። ካብኡ ብምስራሕ እቶም ትጸበታትካ ስጉምቲ ትወስድ። ንሽኻ ቅድሚ እቲ ነገር ኣብ ባይታ ምኽሳቱ ስጉምቲ እንተ ወሲድካ፡ ኑቲ ተመክሮ ኣብ ምፍጣር ትሳተፍ ኣለኻ።




ንኣብነት፡ ንዓኻ እወታዊ ርእሰ ኣምር እንተ ዘይብልካ ከምኡ እውን ስራሕ ክትቀጽር ክትከይድ እንከለኻ ከይትንጸል ትፈርሕ እንተ ኰንካ፡ ብርግኣትን ብርእሰ ተኣማንነትን ገዛእ ርእሰኻ ክትሃንጽ ኣይትኽእልን ኢኻ። ኑቲ ሓቂ ምኻኑ እትኣምኖ ብዘምጽኦ ኣገባብ ኢኻ ስጉምቲ እትወስድ። እዚ እዩ እምበኣር እቲ ዝበለጸ ትርጉም ናይ ገዛእ ክውንነት ዝኸውን ዘሎ።

ይፈለጥካ ኣይፈለጥካ ብዘየገድስ ንሽኻ ንክውንነትካ ኣብ ምፍጣር ትሳተፍ ኢኻ። ብዛዕባ እዚ ትንግርቲ ዝዝል የለን። እዚ ኣእምሮና ዝሰርሓሉ ልሙድ ኣገባብ ጥራይ እዩ። ክትክሕድ፡ ክትዝጸግ እንከለኻ ወይ ብዛዕባ እዚ ዘይክትፈልጥ እንከለኻ፡ ሒደት ሓይሊ ጥራይ ይህልወካ። ጉዳይ ህይወትካ ዝኾኑኻ ኩይሩ ድማ ይሰምዓካ።

የጉዳስ ምስ ንቕሓት፡ ምርጫ ይመጽእ። ኮ፡ ማሰርሕ ክትርድኦ ምስ ጀመርካ ከምኡ እውን ኣቦኻ ከም ዝሰርሕ ምስ ገበርካዮ፡ ሓላፊ ናይ እቲ ባዕልኻ ዝፈጠርካዮ ህይወት ክትከውን ትበቅዕ።

ኩሉ ሹብ ካብ ቀጽጽርካ ወጻኢ ዝኾኑ ነገራት ክንንፉ ይኽእሉ ደዮም? ምናልባት ኪጋጥሙ ይኽእሉ ይኾኑ። የጉዳስ እቶም ንሽኻ እትቈጻጸርም እቶም ንሽኻ ብኸመይ እትሓስቦምን እተስተማቕሮምን እዮም። ብዛዕባ እቶም ንሽኻ ክትቈጻጸርም ዘይትኽእል ፍጻመታት እንታይ ክትገብር ከም ዘለካ እውን ኣብ ግምት ከተእትዎም ኣለካ። ብኸምዚ መንገዲ ኢኻ ንህይወትካ እትፈጥሮን ቅርጺ እተትሕዞ።

ኣብ እዋን ቅልውላው ዝሰውዱ ሰባት ከም ዘለዉ ኣብ ዕለታዊ ህይወትና ዘጋጥመና ሓቂ እዩ። እቲ ምኽንያት እንታይ ይመስለካ? እዞም ከም እዚኦም ዓይነት ሰባት ንጸገማት ከም ዕድላት እምበር ከም መርገም ኣይርእዩን ዝጥምትዎም። እወ ንጸገማቶም ሰዓርም፡ ካልኦት ሓያሳትን ሓያላትን ሰባት ኩይናም ኢኻ እትረኽቦም።

ንኽሳትና ክሳብ መጠረሽታ ዕምርና ክንምሃር ዕድል ኣለና። ኣብ ህይወት እቲ ኣብ ፈለማ ዘይሰገር ዝመስለና ዝበረ ጸገም፡ ምስ ዕድመ ምውሳኽን ተመክሮን እቲ ጸገም ቀሊል ምኻኑ ክንምገዝብ ንኽእል ኢና። ክንዲ ዝኾኑ ኣብ ህይወትካ ዝኾኑ ዓይነት ጸገም ኪጋጥመካ እንከሎ፡ ኣብ ክንዲ ምቕዛም፡ ብኸመይ ኑቲ ዝወረደካ ጸገም ክትፈትሖ ከም ዘለካ ምስልሳል እዩ ዝምረጽ።

እቲ ህቡብ ፈረንሳዊ ፈላሳፋ ሬነ ዳይካርት፡ “እሓስብ ስለ ዘለኹ ብህይወት ኣለኹ።” ዝበል ፍልስፍና ኣማዕቢሉ ነይሩ። እዚ ፍልስፍና ንባዕሉ ሓሳባትና ንክውንነትና ከም ዝፈጥሮን ኣብ ዓለም ንዘለና ተመክሮ ከም ዝጸልዎን ዘራጉድ እዩ።

ዓለም - ዓለም ኢያ፡ ክውንነት - ክውንነት እዩ። የጉዳስ ንሕና ንሕድ ዓይነት ክውንነት ብኣዘዮም ዝተፈላለዩ መንገዲ ካብ ካልኦት ሰባት ኢና እንምኩረሉ። እዚ ዋላ ኑየም ምሳና ቀረባ ዝኾኑ ሰባት ዘጠቓልል እዩ።

ንሕና ንዓለምና እነስተማቕረሉ መዳይ ተግባር ናይ ርድኢትን ኣተረጓጉማን እዩ ዝመስል። ርድኢትን ኣተረጓጉማን ንባዕሎም ተግባር ናይ ትሕተ ወኖ ከምኡ እውን ናትና ዝተኻዘኑ ዝኽርታትን ተመክሮታትን እዮም።

ምእንቲ እዚ ኣብ እዚ ዛዕባ ሕቶ ዝመጽእ፡ ንርድኢትናን ኣተረጓጉማናን ቅርጺ ኣትሒዝና ዝሓሸ ህይወት ክንፈጥር እንኽእለሉ መንገዲ ኣሎ ድዩ ዝብል እዩ? ነዚ ሕቶ ብዮቡእ ምስ እንምልስ ኢና፡ ንህይወትና ብዘበለጸን ብዝመቀረን ክንነብራ እንኽእል።

“ክትሰርሖ ከምእትኽእል ሕሰብ ዋላ ክትሰርሖ ከምዘይትኽእል ሕሰብ ብዘየገድስ ኣብ ክልቲኡ ቅኑዕ ኣለኻ” - ሄንሪ ፎርድ

“መብዛሕትኡ ሰብ ሓይሉ ዝኸስር፡ ሓይሊ የብለይን ኢሉ ክሓስብ እንከሎ እዩ።” - ኣሊስ ዎከር

ይቕጽል



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ምኽሳዕ ጠንቂ ዝተፈላለዩ ሕማማት

ምኽሳዕ (Obesity) ካብቲ ጥዑና ዘለዎ ዓቐን ሸምጢ ንላዕሊ ምውናን ማለት እዩ። ኣብ ሰብነትና ዘይተደልየ ልዕሊ ዓቐን ስብሒ ተዋህሊሉ ከም ዘሎ ዝሕብር ኣካላዊ ትርኢት'ውን እዩ።

ምኽሳዕ፡ ሓደ ካብቲ ኣብ መላእ ዓለም ከቢድ ቅልውላው ዝፈጥር ዘሎ ድኻመት ኣካላዊ ብቕዓት እዩ። ኣብዚ እዋን'ዚ ብደረጃ ዓለም መጠን ምኽሳዕ፡ ካብ ቅድሚ 40 ዓመታት፡ ብሰለስተ ዕጽፊ ከም ዝወሰኸ ጸብጻብ ውድብ ጥዕና ዓለም የመልክት።

ምኽሳዕ ብ'ሓብሪ ሚዛን ሰብነት' (body mass index - BMI) እዩ ዝልካዕ። ኣብ 2022 ዝተኻየደ መጽናዕቲ ከም ዘጸረዮ ካብቶም ብዘይተመሓለልፍቲ ሕማማት ዝሞቱ ሰባት እቶም ልዕሊ 5 ሚልዮን ልዑል ሓብሪ ሚዛን ሰብነት ዝነበሮም እዮም።

ኣብዚ ግዜ'ዚ መጠን ምኽሳዕ ካብ ብዕድመ ዝደፍኡ ሓሊፉ ኣብ ኣጽሕን ህጻናትን እናወሰኸ ይኸይድ ከም ዘሎ እዩ ጸብጻብ ውድብ ጥዕና ዓለም ዘረድእ። ካብ 1990 ክሳብ 2022 ዘሎ መሐበሪ ሰሌዳ ከም ዘጸርዮ፡ ኣብ ክሊ ዕድመ 5 ክሳብ 19 ዓመት ዝርከቡ መጠን ከሰዩት ህጻናትን ኣጽሕን ብጠቕላላ፡ ካብ 2 ሚእታዊት ናብ 8 ሚእታዊት ክዓቢ እንከሎ፡ ኣብ 18 ዓመት ዝዕድመኦም ኣጽሕ ብፍላይ፡ እቲ ሚእታዊት ካብ 7 ናብ 16 ክቡ ኢሉ።

ቅድሚ ሓያሎ ዓሰርተታት ዓመታት ምኽሳዕ ኣብቶም ብቑጠባ ኣብ ደሓን ደረጃ ዝበሩ ዝማዕበሉ ሃገራት እዩ ጉዳ ዝርአ ዝበረ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ግና እዚ ኣካላዊ ብቕዓት'ዚ ኣብቶም ማእከላይ እቶት ዘለወን ሃገራት'ውን ከይተረፈ ጉዳ ዝርአ ዘሎ ጉዳይ ኮይኑ ደርኩቡ።

ሎሚ፡ ሓደ ካብ ሽሞንተ ሰባት ዓለምና ከሳዕ እዩ። ብደረጃ ዓለም ከሰዩት ኮይኖም ናይ ዝጉበሩ ዘለዉ ኣጽሕ (18 ዓመት ዝዕድመኦም ማለት'ዩ) ቁጽሪ ልዕሊ 890 ሚልዮን እዩ። ልዕሊ 120 ሚልዮን ህጻናትን ትሕቲ ዕድመን ዓለምና ምስ ምኽሳዕ እዮም ዝጉበሩ። ጸብጻባት ከም ዘመልክትዎ ምኽሳዕ ልዕሊ ዝኾነ ካልእ ሕማም ዝለዓለ ገንዘባዊ ወጻኢታት ዝሓትት ዘሎ ጥዕናዊ ጸገም ኮይኑ ኣሎ።

ምኽሳዕ ብሕማም ሽኮር፡ ጸቕጢ ደም፡ ሕማማት ልቢ፡ ሕማም ኩሊት፡ ወቕዒ ከምኡ'ውን ብዙተፈላለዩ ዓይነት መንሽሮን ክትጥቃዕ ዝለካ ተኽእሎታት ስለ ዘዛይድ፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ ልዑል ቀላሕታ ዝወሃቦ ዘሎ ጉዳይ ኮይኑ ደርኩቡ።

ምስ ምኽሳዕ ዝፍጠሩ ጥዕናዊ ጸገማት ብመንጽር ጭዋዳ ሰብነት፡ ልዑል ቅማረ ስብሒ ኣካላት ምህላው ማለት፡ ንሰብነትና ተሰኪሞሙ ኣብ ዘለዉ ኣዕጽምትን ካልኦት ዝተፈላለዩ ኣካላትን ጸቕጢ ምፍጣር እዩ። እዚ ንዝተፈላለዩ ጥዕናዊ ጸገማት ዘቃልዕ ተኽእሎታት ምኻኑ ሓኪይም የመልክቱ።

*ከሰዩት ሰባት ዝም ዝስዕቡ ሕማማት ክምዕብሉ ዘለዎም ተኽእሎ ዝለዓለ እዩ፦*

- ልዑል መጠን 'ግሉኮዝ' (ሽኮር) ኣብ ደም - ማለት ሕማም ሽኮር፣
- ልዑል ጸቕጢ ደም፤
- ልዑል ኮሌስትሮል ወይ ስብሒ ኣብ ደም፣
- ወቕዒ ልቢ፣
- ጸገማት ኣዕጽምትን መላግቦ፡ ልዑል ክብደት ምህላው ኣብ ልዕሊ ኣዕጽምትን መላግቦን ተጻዕኖ ክፈጥር ግድን ስለ ዝኾነ፣
- ጸገም ድቃስ ወይ ሕጽረት እስትንፋስ ኣብ ድቃስ፣ እዚ ናብ ምስልካይ፡ ድኻም፡ ድኽመት ኣደህቦን ካልኦት ዝተፈላለዩ ጸገማትን ከም እንቃላዕ ይገብር።
- ሕማም ከረጺት ሓሞት ወዘተ ምጥቃስ ይከኣል።

ብምኽሳዕ ሕማም ከምዕብል ተኽእሎታት ከም ዘሎ ንምርግጋጽ ዝሕግዙ ተኽእሎታት፦

- ሓብሪ ሚዛን (Body mass index BMI)
- ዓቐን ሸምጢ፣

### ቅማረ ምኽሳዕ

ምኽሳዕ (obesity)፡ ምእካብ ወይ ምልጣፍ ልዑል ዓቐን ስብሒ ኣብ ኣካላት የመልክት። ሓኪይም ከም ዝሰማምዕሉ፡ ሚዛን ሓደ ሰብ ምስ ቁመቱ ተነጻጺሩ ብዝርከብ ቅማረ ይልካዕ። እዚ ቅማረ'ዚ፡ 'ሓብሪ ሚዛን ሰብነት' (Body Mass Index) ይበሃል - ክብደት ዝተመቕሎ ትርብዒት ቁመት ሰብነት ቀማሪኻ ክርከብ ይከኣል። ዝኾነ ካብ ወዲ 2 ዓመት ንላዕሊ ብዚ ቅማረ'ዚ ደረጃ ሚዛኑ ክፈልጥ ይኽእል።

- ሓብሪ ሚዛን ሰብነት ናይ ሓደ ሰብ ትሕቲ 18.5 ምስ ዝኸውን ትሕቲ ክብደት፣
- ሓብሪ ሚዛን ሰብነት ካብ 18.5 ክሳብ 24.9 ምስ ዝኸውን፡ ምጡን ክብደት፣
- ሓብሪ ሚዛን ሰብነት ካብ 25 ክሳብ 29.9 ምስ ዝኸውን፡ ልዕሊ ዓቐን ክብደት፣



- ሓብሪ ሚዛን ሰብነት ካብ 30 ክሳብ 34.9፡ ቀዳማይ ደረጃ ምኽሳዕ፣
- ሓብሪ ሚዛን ሰብነት ካብ 35 ክሳብ 39.9፡ ካልኣይ ደረጃ ምኽሳዕ፣
- ሓብሪ ሚዛን ሰብነት ካብ 40 ንላዕሊ ድማ ሳልሳይ ደረጃ ምኽሳዕ ተባሂሉ ይምቀል።

ሚዛን ሰብነትካ 70 ኪሎ ግራም ኮይኑ ቁመትካ ድማ 1.7 ሜትሮ ምስ ዝኸውን፡ ሓብሪ ሚዛን ሰብነትካ ልዕሊ 24.2 እዩ (70 ዝተመቕሎ ን1.7x1.7)። እዚ ኣብ ምጡን ክብደት ትርከብ ከም ዘለኻ እዩ ዘመልክት።

*ዓቐን ሸምጢ*

ደቂ ኣንስትዮ ዓቐን ሸምጠን ልዕሊ 89 ሰንቲ ሜትር (35 ኢንች)፡ ደቂ ተባዕትዮ ድማ ዓቐን ሸምጦም ልዕሊ 102 ሰንቲ ሜትር (40 ኢንች) ምስ ዝኸውን ብዝተፈላለዩ ሕማማት ልብን ካልኣይ ዓይነት ሕማም ሽኮርን ክጥቕዑ ዘለዎም ተኽእሎ ዝለዓለ እዩ። ዝለዓለ ዓቐን ሸምጢ ካብ ዓቐን ጎሎ ዝውንኑ ሰባት በዝም ዝተጠቕሱ ሕማማት ዝያዳ ተጠቃዕቲ እዮም።

### ጠንቂ ምኽሳዕ እንታይ እዩ?

እቶም ቀዳሞት ክልተ ጠንቂ ምኽሳዕ /ምኽራሽ ልዑል ዓቐን ሽኮርን ስብሕን ዘለዎ ኣመጋግባ ምዝውታርን ውሑድ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምኽያድን እዮም።

ካብቲ ነቓጺሎ ንላዕሊ ካሎሪ ኣብ ሰብነትና ምህላው ሓደ ካብ ጠንቂ ምኽሳዕ እዩ። ምስ ግዜ እዚ ዘይተቓጸለ ካሎሪ ተኣኪቡ ክብደት ከም እንወሰኽ ይገብረና።

ምኽሳዕ ምስ እንወስዶን እነህልኾን ካሎሪ ጥራይ ዘይኮነ ምስቲ እንካይዶ ንጥፈታት'ውን ምትእስሳር ኣለዎ። ተረዲኡካ ትውዕል እንተ ኾንካ ንምኽሳዕ ብቐሊሉ ዝተቓልዐካ ትኸውን።

ካልኦት ልሙዳት ጠንቅታት ምኽሳዕ ተባሂሎም ዝግለጹ፦

- ስነ-ፍጥረት (genetics) - ሰብነትና ብተፈጥሮኣዊ ኣገባብ ብኸመይ መግቢ ናብ ጸዓት ይቕይሮን ብኸመይ ስብሒ ይኽዝኖን ንባዕሉ ንኸኑታት ምኽሳዕ ይጸልዎ እዩ።

- ምውሳኽ ዕድመ - ዕድመ እናወሰኽና ክንከይድ እንከለና ጭዋዳታትና እናደኸሙ ስለ ዝኸዱ ንመጠን ምሕቃቕ መግቢ'ውን የሕትትሎ እዩ። እዚ ድማ ክብደት ክትወሰኽ ቀሊል ይገብሮ።

- ኣኹል ድቃስ ዘይምርካብ - እዚ ኣብ ሰብነትና ናይ ሆርሞን ምምዛዕ ብምፍጣር ናይ ምጥማይ ስምዒታት ክዓርእ ይገብር። ልዑል ካሎሪ ዘለዎም መግቢታት ክትሃርፍ'ውን ይገብር።

- ነፍሰ-ጾር ምኻን - ደቂ ኣንስትዮ ነፍሰ-ጾር ኣብ ዝኾናሉ እዋን ዝረኣዩኦ ክብደት ምውሳኽ ብቐሊሉ ክቆጻጸርኦ ዝከኣል ስለ ዘይኮነ ክኸስዓ የገድደን።

ገለ ጥዕናዊ ጸገማት ክትከስዕ ዘገድዱ ኣለው፦

- *'ኢሊሳይቲክ ኦቫሪ ሲንድሮም' (PCOS)*፦ ሆርሞን ፍርያምነት ደቂ ኣንስትዮ ብዘይምምዕርራዩ ዝጋጥም ጥዕናዊ ጸገም እዩ።
- *'ሃይፖታይሮዲዝም' (hypothyroidism)*፦ ጸኪ ጉሮሮቲ (thyroid gland) ዘድሊ ሆርሞን ከፍርዩ ብዘይ ምኽኣሉም ዝርአ ሕማም እዩ።
- *ኦስትዮኣርትራይቲስ (osteoarthritis)* ኣብ መላግቦ ኣዕጽምቲ ዝኽሰት ቃንዛ እዩ።

### ኣብ ሓደጋ ምኽሳዕ ዝርከብ ሰብ መን እዩ?

ንተኽእሎታት ምኽሳዕ ዘጋድዱ ሓያሎ ረቛሒታት ኣለው። ሓደ ካብኡ ስነ-ሰረት/ ጀነቲክስ እዩ። ገለ ሰባት ብተፈጥሮኦም ከሰዩት ዝኾኑ ኣለው። እዞም ሰባት'ዚኦም ነቲ ዘለዎም ክብደት ከጉድሉ ከቢድ እዩ ዝኾኖም።

ኣከባብን ሕብረተሰብን

ኣከባቢኻ - ገዛኻ፡ ቤት ትምህርትኻ፡ ትነብረሉ ሕብረተሰብ፡ ባህሊ ወዘተ- እንታይን ብኸመይን ትምገብ ልዑል ጽልዋ ኣለዎ። ትነብረሉ ኣከባቢ ንኣካላዊ ንጥፈታትካ ከም ዝጸልዎ ምስትብሃል'ውን የድሊ። ብዑብለሐ መጓዓዝያ ዘለዎ ከባቢ ብእግሪ ናይ ምጉዓዝ ልምዲ የጉድሎ እዩ።

ከሰዕ ክትከውን ዘሎ ተኽእሎ ልዑል ክኸውን ይኽእል እዩ፦

- ሽኮራዊ መግብታት ኣብ ዝሽየጦ ትካላት 'ፋስት ፉድ' ብዑብለሐ ኣብ ዝርከቦ ከባቢ ትነብር እንተለኻ፤
- ኣመጋግባኻ ኣብ ሓደ ዓይነት መግቢ፣ ብፍላይ ደማ ብዑበዝሐ ፕሮቲን ኣብ ዘለዎ መግቢ ዝዘዘወ ምስ ዝኸውን፤
- ዝተመጣጠነ ምግቢ ብኸመይ ከተዳሉ ከም እትኽእል እኹል ኣፍልጦ ዘይብልካ እንተ ኾይንካ፣
- ክትንቀሳቐስሉን ክትጻወተሉን እትኽእል እኹል ቦታ ኣብ ዘይብሉ ከባቢ ትነብር እንተለኻ።

ስነ ኣእምሮኣውን ካልእን ረቛሒታት

= ቃዛዮት (depression)፡ ክንክስዕን ልዕሊ ንብር ክብደት ሰብነት ክህልወናን ይገብር እዩ።


= ምቁራጽ ምትካኽ ሽጋራ ጸቡቕ እዩ። ክብደት ክትወሰኽ ግና ይገብር እዩ። ኣብ ገለ ሰባት'ውን ልዕሊ ንብር ክብደት ሰብነት ክህልዎም ይገብር እዩ። ስለዚ፡ ሽጋራ ኣብ እነቋርጸሉ እዋን ኣብ ኣመጋግባናን ካልእ ምንቅስቓስ ሰብነትን ልዑል ኣደኣህቦ ክንገብር ይግባእ።

= መድሃኒት - ከም ጥንሲ ንምክልኻል ተባሂሉ ዝውሰድ መርፍእ - ንተኽእሎታት ምውሳኽ ክብደት ሰብነት የዛይዶ እዩ። ስለዚ እታ ኳለስተይቲ ኣካላታ ንምስራዕ ኣብ ኣመጋግባ ክትጥንቀቕ፡ ምውስዋስ ኣካላት ከተዛይድን ይግባእ።

### ምኽሳዕ ብኸመይ ንከላኸሎ?

ኣብ ኣመጋግባኻ ቀላሕታ ምግባርን ምውስዋስ ኣካላት ምዝውታርን እቶም ቀንደኛን ዝበለጹን ምኽሳዕ ንምክልኻል ዝሕግዙ ሜላታት እዮም።

- መዓልታዊ ካብ 20 ክሳብ 30 ደቓይቕ ዝጸንሐ ምውስዋስ ኣካላት ምኽያድ፣
- ኣብ ኣሕምልትን ፍረታትን ዝዘዘወ ኣመጋግባ ምዝውታር፣
- ልዑል ስብሕን ካሎሪን ዘለዎም መግብታት ካብ ምብዛሕካ ምውሳድ ምኽሳዕ ንምክልኻል የኽእሉ።





## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ናይ መድረኽ ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ተኩኢንሳይት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ገሉብ ደሓን |
| 14:25 | ፊልም ቻይና |
| 15:10 | ሃብቲ ባሕሪ |
| 15:40 | መደብ ህርመት |
| 16:35 | ካብ ዞባታት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ዘዋሪት ካሜራ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ማእገር |
| 19:45 | ቀስተ ደሕኑት |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:15 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | መኣዝን ልምዓት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | ዳህሳስ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | ፈንቅል |

# ማሕበራዊ ዕብየት

ብምትሕብባር ሚ/ዕ/ማ/ድሕነት ዝዳሎ

## “ዝቐሰምናዮ ስልጠና ጋዜጠኝነት፡ ንጥፈታትና ብሚድያ ኣብ ምቅላሕ ዝሕግዘና እዩ” ኣባላት ሚ/ዕ/ማ/ድሕነትን

ሉል ተስፋይ

ሰባት፡ ኣብ ናይ ህይወት መስርሕ ካብ ዝቐስምዎ ግብራዊ ተመክሮታት፡ ብዙሕ ከምዝኸስቡ ዘማትእ ኣይኮነን። ተመክሮ ናይ ህይወት በይኑ ግን፡ ኣብ መስርሕ ምዕባለን ዕብየትን እኹል ኣይኮነን። ካብ ካልእ ዝርከብ ኀናዊ ፍልጠትን ስልጠናን፡ ኣብ ዕብየትን ምዕባለን ወዲ-ሰብ ዘለዎ ተራ ኣገዳሲ እዩ። ስልጠና፡ ሓደ ካብ'ቶም ኣገደስትን ኣድለይትን ረቛሒታት ኮይኑ፡ ብብዓውዱ ንሰባት ምስ ዝወሃብ፡ ኣብ መስርሕ ህይወትን ኣድማዕነት ኣብ ስራሖም፡ ተወሳኺ ንቕሓትን መረዳእታን ዘፈጥር እዩ።

ካብ ኣካዳሚያዊ ህይወት ወጻኢ፡ ኣብ ንጡፍ ስራሕ ዓለም ዝዘሎ ሰብ፡ ኣፍራይነቱን ኣድማዕነቱን ንምዕባይን ምስ ስርሑን ካብኡ ወጻኢን ዝዘሎ ኣድማስ ፍልጠቱ ንምንልባትን ስልጠናታት ክህሉ መሰረታዊ ነገር'ዩ። ብዙሓት መጽናዕታት ከም ዘመልክትዎ፡ ኀድናዊ ስልጠናታት ምውዳብን ምሃብን፡ ኣብ ምፍራይ ብቑዕ፡ ብሉጽ፡ ኣድማዒን ኣፍራይን ሰራሕተኛ መሰረታዊ ምኽኒት የመልክቱ። መንግስታዊ ይኹን ብሕታዊ ትካላት'ውን ንተገልጋሊ ዝህብኦ ኣገልግሎት፡ ኣብ ብቕዓት ናይ ዘለወን ሰራሕተኛ እዩ ዝምርኮሱ።

ዋንኡት ዝስዕዮ፡ ክብሪ ተገልጋሊ ዝሕሉ፡ ምቕሉል፡ ናይ ምብህዛል ዓቕሚ ዘለዎ ሰራሕተኛ ምውናን፡ ኣብ ዝወሃብ ጽሬት ኣገልግሎት ብቕዓምነት ዝስራዕ እዩ። ትካል ዝዕቀነሉ መሰረታዊ ረቛሒ፡ ምስ ስታራተጂያዊ ውጥናቱን ተልእኾታቱን ዝዳረግ ኣገልግሎት ንተገልጋሊ ምሃብ እዩ። ተግባርቲ ናይ'ቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ተልእኾታት ናይ ትካል ድማ፡ ሰራሕተኛታት እዮም። ኣብ'ዚ ምዕቡል ግዜ'ውን ኣብ ዝተመደብሉ ስራሕ ጥራይ ዘድሃብ ኣፍልጦ ምህላው፡ እኹል ኣይኮነን። ካብኡ'ዶም ተገልጋሊ ክዓግቡሎም ዘለዎምን ትካላት ክሰርሓሉ ዝኾጎቦእን መሰረታዊ ነጥቢ ከኣ፡ ናይ ምብህዛል ክእለት ዘለዎ ሰራሕተኛ ምፍራይ ምኽኒት ኣይሰሉትን።

ምውናን ናይ ምብህዛል ክእለት ኣብ ናይ ቋሕ ሰም እዋን ማለት፡ ብቕጽበት ዝጥረ ነገር ከምዝይከውን፡ ርእሰ ግሉጽ እዩ። እዚ ከኣ፡ ካብ ግብራዊ ተመክሮታትን ስልጠናታትን፡ ኣብ ዝተናውሐ እዋን ዝጥረ ሃናጺ ልምዲ ስለ ዝኾነ እዩ። ሰባት ክሰምዑን ከስምዑን ዝተፈጠሩ ማሕበራውያን ፍጡራት ክሳብ ዝኾኑ፡ ናይ ምብህዛል ክእለቶም ክዓቢ ቀጻሊ ክጽዕቱሉ ዘለዎም ጉዳይ እዩ። ስነ-ኣእምሮኣውን ግዳማውን ኩነታት ናይ ሰባት፡ በቲ ዝሰምዕዎን ዝርእይዎን ነገራት ብቐጻሊ እዩ ዝጽሎ። ተገልጋሊ ናብ ሓደ ትካል ኣብ ዝመጽኣሉ እዋን ድማ፡ ካብ ሰራሕተኛ ዝረኽቦ ግብሪ መልሲን ኣቀባብላን ኣገዳሲ እዩ።

ትካላት፡ ምስሊ ናይ ትካላተን እወታዊ ብዝኾነ መገዲ ኣብ ኣእምሮ ናይ ዓማዊል ምእንቲ ክወቅር፡ ምስ ተልእኾታተንን ራእይታተንን ዝኸይድ ስራሕ ክሰርሓ ይግባእ። ሰራሕተኛታት ብወገኖም፡ ካብ መደብ ስራሖም ወጻኢ፡ ከም ምቕሉልነት፡ ትሕትና፡ ፍሕሽው ኣቀባብላ ዝኣመሰሉ ናይ ምብህዛል ክእለት ምስ ዘዕብዩ፡ እተን ንሱቶም ዝሰርሕለን ትካላት ብዓማዊል ክሕመያ ግድን እዩ።

ትካላት ንጥፈታተን ብመንጽር ስታራተጂያዊ ውጥናተን፡ ኣብ ምቕላሕን ምስናድን ኣገዳሲ ትኹረት ክዝብራ ኣለወን። ገላጺን መሃሪን ብዝኾነ መገዲ፡ ንህዝቢ ብዛዕባ ንጥፈታት ትካላት ሓበሬታ ምሃብ፡ ንሚኒስትሪ ዜና ጥራይ ዝግደፍ ዕማም ኣይኮነን። ትካላት'ውን ብብዓቕመን፡ ንጥፈታተን ሞያዊ ስነ-ምግባር ጋዜጠኝነት ብዝሓለወ መገዲ፡ ንህዝቢ ሓበሬታ ክህባ ሓላፍነት ኣለወን። እዚ ንምግባር ምእንቲ ክኽእል ድማ፡ መባእታዊ ኣምር ናይ ጋዜጠኝነት ዘለዎ ሰራሕተኛ ክህሉ ይግባእ።

ኣብ'ዚ ምዕቡል እዋን፡ ሓበሬታ ሓይሊ ካብ ምዃኑ ሓሊፉ፡ መሰረታዊ ጠለብ ወዲ-ሰብ ኣብ ዝኾነሉ፡ ትካላት ብዛዕባ ንጥፈታተን ንህዝቢ ክሕብራ ኣድላዪ እዩ። እዚ ንምግባር፡ ካብ ሚኒስትሪ ዜና ጥራይ ምጽባይ ዝከኣል ኣይኮነን። ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ትካላት ዘለዉ ናይ ህዝባዊ ርክባት ኣሃዱታት፡ እዚ ኣብ ምግባር ተራ'ኦም እንተለምም፡ ሓፈሻዊ ተሳትፎኦት ናይ ኩሉ ኣባል ኣብ ምትሕልላፍ ሓበሬታ ግን ወሳኒ እዩ።

ብውሽጣዊ ዓቕሚ ዝስኣኑ ንጥፈታት



ናይ ትካላት ብቕልጡፍ ኣብ እዝኒ ሰማዕቲ ናይ ምብጻሕ ዕድል ክረክብ ይግባእ። እዚ ዕድል ኣብ ምምችቻእ፡ ዝምልከቶም ትካላትን መሻርኽቶን፡ ተራኦም ክጻወቱ ኣለዎም። ብሉጽን ውጽኢታውን ስራሕ ዝሰርሑ ትካላት፡ ሰኣን ሓበሬታ ኣብ ግቡእ እዋን ናብ ዝምልከቶ ቦታ ምብጻሕን ኣምር ጋዜጠኝነት ዘለዎም ኣባላት ዘይምህላውን፡ ንጥፈታተን ከም'ቲ ዝድለ ዘይክቃላሕን ከይሰድን ይኽእል እዩ። ዝተሰርሐ ብሉጽ ስራሓት ናይ ትካላት'ውን ሰኣን ምቕላሕ፡ እተን ትካላት ከም ዘይሰርሓ ዘለዋ ከምስል ይኽእል።

ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን፡ ከም ትካል ንዝቖመሉ መሰረታዊ ዕላማታት፡ ብመንጽር ስትራተጂያዊ ውጥናቱ ንምትግባር ዝተማህ ትካል እዩ። ብቑዕ ናይ ምብህዛል ክእለት ወኒ፡ ንዕላማታት ትካል ኣብ ምትግባር ዝሰርሕ፡ ምቕሉል፡ ትገሀ፡ ፍሕሽው፡ ሓላዪ ዝኾነ ሰራሕተኛ ኣብ ምምልማል ድማ፡ ስልጠናታት ምሃብ፡ ከም ኣገዳሲ መስርሒ ክጥቀመሉ ጸኒሑን ኣሎን። ብተወሳኺ፡ ንንጥፈታት ናይ'ቲ ሚኒስትሪ ኣብ ምስናድን ምቕላሕን ዝጥፍ ኣሃዱ ህዝባዊ ርክባትን ኮሚቴን'ውን ኣለዎ።

ሚ/ዕ/ማ/ድሕነትን፡ ንጥፈታቱ ብቐረባ ኣብ ሕብረተሰብ ዘተኮረ ትካል እዩ። ኣብ ሕብረተሰብ ዝረኣዩ ማሕበራዊ ጸገማት ኣብ ምክልኻልን ምፍታሕን፡ ንዝተሃሰዩ ክፋላት ሕብረተሰብ ኣብ ምሕብሓብን ምሕጋዝን፡ ዜጋታት ዝተረጋግአ ህይወት ምእንቲ ክህልዎም ናይ ሸቕለት ዕድላት ኣብ ምፍጣርን፡ ሞያዊ ዓቕሞምን ስነ-ምግባሮምን ኣብ ምዕባይን ድማ፡ ምስ መሻርኽቱ ብምኽኣን ብዓጸፋ ዝሰርሑ ዘሎ እዩ።

እዚ ኹሉ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ፡ ኣብ ሕብረተሰብ ዘተኮረ ንጥፈታት ናይቲ ሚኒስትሪ፡ ብዝምልከቶም ክስከድን ክቃላሕን እንተኾይኑ፡ ህላወ መሻርኽቲ'ን መባእታዊ ኣምር ናይ ጋዜጠኝነት ዘለዎ ሰራሕተኛን ክህልዉ መሰረታዊ ነገር እዩ። እዚ ኣብ ግምት ብምእታው ድማ፡ እቲ ሚኒስትሪ ኣብ መስርሕ ምድላውን ምስናድን ንጥፈታት ናይቲ ሚኒስትሪ ንዝሳተፉ ኣባላቱ፡ ሞያዊ ዓቕሞም ንምድንፋዕ ንሚኒስትሪ ዜና ከም መሻርኽቲ ብምሕዋስ ካብ ነዊሕ ኣትሒዙ ስልጠናታት ይህብ እዩ።

ጋዜጠኝነት ከም ዓውዲ ዓቢ ሓላፍነት ዘሰክም ሞያ እዩ። ኣብ መንግስታዊ ትካላት ዝግበር ኩሉ ንጥፈታት፡ ብመንጽር ራእይን ዕላማታትን መንግስቲ ዝኸይድ ኮይኑ፡ እዚ ዕላማታት ኣብ ግምት ብምእታው ድማ ብዛዕባ'ቲ ትካላት መንግስቲ ዘሰላስልኦ ንጥፈታት ህዝቢ ወድዓዊን ሓቀኛን ሓበሬታ ኣብ ምሃብ ተራን ግደን ጋዜጠኛ ቀዳማይ ቦታ ይሕዝ። እዚ ንምትግባር ከኣ ኑቲ ዝኣየድ ንጥፈታት ብኸመይ ናብ ህዝቢ ተቃልሖን ትጽሕፎን ፍልጠት ዘቕስም መባእታዊ ኣፍልጦ ጋዜጠኝነት ዘለዎ ሰራሕተኛ ምህላው ምኽንያታዊ እዩ። ሚ/ዕ/ማ/ድሕነትን እዚ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ኣባላቱ ብዓውዲ ጋዜጠኝነት ስልጢኖም፡ ብዛዕባ ዕላማታቱን ንጥፈታቱን ንህዝቢ ምእንቲ ክሕብር ስልጠናታት ክውድብ ጸኒሑ ኣሎ።

ናይ'ዚ መርኣያ፡ ምስ ሚኒስትሪ ዜና ብምትሕብባር ን37 ኣባላቱ፡ ካብ 13-17 ጥሪ 2025 ኣብ ዝተፈላለየ ዓውድታት ጋዜጠኝነት ዘተኮረ ስልጠና ከምዝወሃቡ ገይሩ። እቲ ሓጺር ስልጠና፡ ኣብ ዓውድታት ምብህዛል፡ ጥበብ ኣጸሓሕፋ፡ ምድላው ቃለ መሕትት፡ ምድላው ዓንቀጽን ስነ-ምምባር ጋዜጠኝነትን ‘ኮንቨርጀንት’ ጋዜጠኝነትን ካልእን ዘጠቓለለ ነይሩ። ሰልጠንቲ፡ ኣባላት ካብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈትን ጨናፍር ዞባታትን ሚ/ዕ/ማ/ድሕነትን ከምኡ'ውን ኣብ ትሕቲ ሚኒስትሪ ዕዮ ካብ ዝጥፍ ማሕበራት ጽሙማን፡ ዓይነስዉራን፡ ሓርበኛታት ስንኩላን ኩናት ኤርትራ፡ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንኩላን ዝመጽኡ እዮም ነይሮም።

እቲ ስልጠና፡ ሰልጠንቲ ኣብ ዓውዲ ጋዜጠኝነት ዝለዎም ኣፍልጦ ኣብ ምዕባይን ኣብ ግብራዊ ስርሖም ክሕግዞምን ዓሊሙ ዝተዋህበ እዩ። ብቐንዱ ድማ ኑቲ ካብ 2018 ጀሚሩ፡ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፡ ‘ማሕበራዊ ዕብየት’ ብዝብል ዓምዲ ዝጀመሮ ስራሓት ሚድያ ንምዕባይ እዩ። ሚ/ዕ/ማ/ድሕነትን ካብ'ቶም ዘለውዎ ዓበይቲ መሻርኽቱ ሓደ፡ ሚኒስትሪ ዜና እዩ። ሚኒስትሪ ዜና ድማ ኣብ ምቕላሕ ንጥፈታት ጥራይ ከይተሓጸረ፡ ትካላት ርእሰን ክእለን ንጥፈታተን ክሰንዳን ክቃልሓን ምእንቲ ክኽእላ፡ ክሰርሓሉ ጸኒሑ ኣሎ። ምውዳብ ኣብ ጋዜጠኝነት ዘተኮረ ስልጠናታት ከኣ ሓደ ካብኡ እዩ።

ሚ/ዕ/ማ/ድሕነትን፡ ሓደ ካብ'ቶም በዚ ተበግሶታት እዚ ተረባሒ ዝኾኑ ትካላት እዩ። ኑቲ ኣብ ዝተፈላለየ ዞባታት ዝሰላስል ንጥፈታት ናይ'ቲ ሚኒስትሪ ኣብ ግዜኡን ሰዓቱን ናብ ህዝቢ ኣብ ምብጻሕ፡ ኣባላቱ ክጻወትዎ ዝኽእሉ ሃናጺ ተራ ኣብ ግምት ብምእታው ድማ፡ ኣባላቱ ዝድለ ፍልጠትን ዓቕምን ምእንቲ ክዮጥቁ ክሰርሓሉ ጸኒሑ'ዩ። ጋዜጠኝነት ከም ኩሎም ዓውድታት በብመድረኹ እናሰፍሐን እናዓበየን ኣብ ዝኸይደሉ ግዜ፡ መድረኽ ዝጠልቦ ዓቕሚ ዘለዎ ኣባል ምህላው ከኣ፡ ይጽንሓሊይ ዘይብሉ እዩ።

ዕውት ስልጠና ንምሃብ ካብ ዝድልዩ ኣገደስቲ ባእታታት ሓደ፡ ተወፋይነት መምህራን ኣብ ምትሕልላፍ ፍልጠቶምን፡ ድሉውነት ሰልጠንቲ ንትምህርትን ክጥቀስ ይከኣል። ካልኦት ረቛሒታት ማለት ከም መምሃሪ ኣዳራሽን ሎጂስቲካዊ ኣቕርቦትን እውን ወሳኒ ግደ ይጻወቱ። እቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ረቛሒታት ስልጠንትን፡ መምህራንን፡ ኑቲ ዝድለ ዕላማ ኣብ ምዕዋት ኣድማዕነን ውጽኢታውን ብምንባሩ፡ ሰልጠንቲ ኑቲ ብሕጂ እንግዶም ንጥፈታት፡ ብፍላይ ብጽሑፍ ኣብ ጋዜጣ ኣብ ምድላው፡ ልዑል ኣበርክቶ ክህልዎ እዩ። እቲ ቀዳማይ ቅትርን ድሕሪ ቀትርን ተኸፊፊሉ ኣብ ውሽጢ 5 መዓልታት ዝተዋህበ ስልጠና ጽዑቕ'ኳ እንተነበረ፡ ሰልጠንቲ ዝርኣይዎ ተገዳስነት ናይ ትምህርቲ ዝሕኣድ ነይሩ። ኣባላት ሚኒስትሪ ዜና ዝኾኑ መምህራን ብወገኖም፡ ፍልጠቶምን ተመክሮኦምን ኣብ ምትሕልላፍ ዝበርክቶ ተወፋይነት ልዑል ነይሩ።

መምህራን ኣባላት ሚኒስትሪ ዜና ካብ ዝጸቐጥሉም ነጥብታት፡ ካብ ሰምዒት ርሒቑ ኣብ ወድዓዊ ፍጻመታት መሰረት ገይሩ ዝጥፍ ጋዜጠኛ ምህላው ኣገዳሲ ምኳኑ እዩ። ሰልጠንቲ ኣብ ምጽሓፍ ዜናን ዓንቀጻትን ዘለዎም ዓቕሚ ንምዕባይ ክዝብርዎ ካብ ዘለዎም መሰረታዊ ነገራት ድማ፡ ዝተፈላለየ ናይ ካልኦት ሰባት ጽሑፋት ምንባብን ተጊህካ ምጽሓፍን ምኳኑ ኣመልኪቶም። ናይ ምብህዛል ዓቕሚ ዘለዎ ጋዜጠኛ ምፍራይ፡ ብቑዓትን ብሉጻትን ጋዜጠኛታት ንምፍራይ ኣብ ዝግበር መስርሕ ኣገዳሲ ምኳኑ'ውን ብሰፊሑ ገሊጾም። ቃለ-መሕትት ምኳየድ ኣገዳሲ ኣካል ጋዜጠኝነት ምኳኑ ብምምልካት'ውን፡ ብቑዕ ምድላው ንምግባር መጽናዕቲ ብዛዕባ'ቲ ቃለ-መሕትት ዝቐየደሉ ሰብ ምኳየድ ኣገዳሲ ምኳኑ ወሲኾም ኣገንዚቦም።

ምልክት ሃገራውያን ቋንቋታት ኣብ ምዕባይ መራኸቢ-ብዙሃን ምዕቃብ ባህሊ ህዝብን ኣገዳሲ ምኳኑ'ውን፡ ኣብቲ ስልጠና ካብ ዝተጠቕሱ መሰረታውያን ነጥብታት ነይሩ። ቋንቋ ካብ መበዝሓልን መረዳድኢን ምኳን ሓሊፉ ከም መግለጺ ሕላገትን፡ ሃገራዊ መንነትን ናይ ህዝቢ ስለዝረኣ፡ ብጥንቃቐ ክተሓዝን ንኸይብረዝ ክጸዓረሉን ከምዝለዎ ተገሊጹ። ምዕቃብ ቋንቋ ማለት ምዕቃብ ባህሊ፡ ክብርን ልምድን ሕብረተሰብ ስለ ዝኾነ፡ መራኸቢ ብዙሃንን ጋዜጠኛታትን ብፍላይ ክተኮሩሉ'ውን መተሓሳሰቢ ቀሪቡ።

ሰልጠንቲ ብወገኖም፡ ኣገዳስነት ናይቲ ስልጠና ልዑል ምኳኑ ብምምልካት፡ ብቐጻሊ ክድገፉሉ ከም ዘለዎ ርእይቶኦም ሂቦም። ካልእ ሰልጠንቲ ዘልዓልዎ ነጥቢ፡ ኣብ ሚላታት ኣጸሓሕፋ ዓንቀጽ ኮይኑ፡ ኣብ ምጽሓፍ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ዓንቀጽ ዝጋጥምዎም ሕጽረታትን ኣፈታትሓኦምን ዝምልከት ነጥብታት ኣልዒሎም ተዘትዮምሉ። ዓውዲ ምብህዛል ኣብ መራኸቢ ብዙሃንን ማሕበራዊ መራኸቢታትን ዝለዎ ተራ ድሕሪ ምጥቃስ ከኣ፡ ሓቀኛ ሓበሬታ ኣብ ምሃብ ክግበሩ ብዛዕባ ዘለዎም ነገራት ሕቶታት ንመምህራን ኣቕሪቦም።

ብዘይካ'ዚ፡ ሰልጠንቲ ኣብ እዋን ምኳየድ ቃለ-መሕትት ክግበር ዝለዎ ጥንቃቐታትን ምድላዋትን ኣመልኪቶም ሰፊሕ ክትዓት ኣካይዶም። ባህሪ ናይቲ ስልጠና ኣሳታፊ ብምንባሩ፡ ሰልጠንቲ ብዘይስክፍታ ሕቶታት ክሓቱን ኣዕጋቢ መልሲ ክረኽቡን ክኢሎም እዮም። ሰልጠንቲ ካብ ዘቕረብዎም ለበዋታት ሓደ፡ ትምህርቲ ካሜራ ክወሃብን ኣብ ዙርያ ኣፍልጦ ኣባላት ኣብ ደረቕን ተንቀሳቓስን ስእሊ ዘሎ ዓቕሚ ንምዕባይ ክስራሕን ከም ዘለዎ ተላብዮም። ብተወሳኺ፡ ኣብ ቀጻሊ ኣብ ዝቕየድ ተመሳሳሊ ስልጠና፡ ደረት ግዜ ስልጠና ክነውሕን እቲ ዓውድታት ክሰፍሕን ኣዘኻኺሮም። ኣብ መወዳእታ ስልጠንቲ፡ ሚ/ዕ/ማ/ድሕነትን ዓቕሚ ኣባላቱ ኣብ ስርሓት ሚድያን ጽሑፍን ንምዕባይ ዘወሰዶ ተበግሶ ድሕሪ ምምጓስ፡ ንኣባላት ሚኒስትሪ ዜና ዝኾኑ መምህራን ኣመስጊኖም።

ኣብ መዛዘሚ ናይቲ ስልጠና ዝተረኽበት ሚኒስተር ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ወ/ሮ ልኡል ጉብረኣብ ኣብ ዘስመዓቶ ናይ መዛዘሚ ቃል፡ ኑቲ ስልጠና ኣብ ምኳየድ ንዝጠፉ መምህራን ኣባላት ሚኒስትሪ ዜና ድሕሪ ምምስጋን፡ ሚድያ መሳርሒ ናይ ማሕበራዊ ለውጢ ምኳኑ ጠቒሳ፡ ኣብ ምዕዋት ተልእኾ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ሓጋዚ ምኳኑ ኣስሚራትሉ። “ምስሊ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን በቲ ኣብ ባይታ ዝሰርሖ ዘሎ ስራሕ ስለዝዕቀን፡ እዚ ብመገዲ መራኸቢ ብዙሃን ናብ ህዝቢ ንምብጻሑ፡ ብጽቡቕ ክንሰርሓሉ ይግባእ” ዝበለት ሚ/ር ልኡል ጉብረኣብ፡ “ምስ መትከላት ህዝባዊ ግንባር ብምዝማድ፡ ርእሰኻ ምኽኣል፡ ድሑር ልምድታት ምውጋድን ምዕሩይ ዕድላት ምፍጣርን ኣገዳሲ ክፋል ስራሕና እዩ” ኢላ። ሰልጠንቲ ኑቲ ዝቐሰምዎ ፍልጠት ኣብ ባይታ ክትግብርዎ'ውን ተላብያ።

ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ካብ 2018 ጀሚሩ፡ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ “ማሕበራዊ ዕብየት” ዝብል ቀዋሚ ክልተ ሰሙናዊ ዓምዲ ብምጅማር፡ ንጥፈታቱን ዕማማቱን ኣብ ምቕላሕ ዕውት ስራሓት ኣብ ምትግባር ይርከብ ኣሎ።

ኣ/ህ/ርክባት

# ገበናት ስርዓታት ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ

## ብምኽንያት ዝኽሪ 50 ዓመት - ህልቂት ኣስመራ

9ይ ክፋል

*ታሪኽ ግፍዕታት ገዛእቲ ምዝኻር ዘድልየሉ ምኽንያት፡ ኣብ ሕሉፍ ንምንባር ወይ ቂምን ጽልኢን ንምቕጻር ዘይኮነ፡ ካብኡ ትምህርቲ ብምቕሳም፡ ኣሉታዊ ታሪኽ ከይድገም ንቕሓት ንምፍጣር እዩ። ብኢጋጣሚ ዝኽሪ 50 ዓመት ህልቂት ኣስመራን ከበባኣ፡ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፡ ህልዊን መጻኢን ወለዶታት ኤርትራ ጥራይ ዘይኮነ ኢትዮጵያውያን እውን ክፈልጥዎ ዝግብኦም፡ ብስርዓታት ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝተፈጸመ ግፍዕን ገበንን ብጸምቂ ዝበለ ንኣንበብቲ ተቐርብ። እዚ ጽሑፍ'ዚ፡ ብኣሕተምቲ ሕድሪ እተሰናደአት መጽሓፍ "ግፍዒ፡ ዛንታታት ተመኩሮ ገድሊ ቅጺ-8" ኣብ መእተዊ ኣሰፊራቶ ዘላ ኮይኑ ንኣሸቱ ለውጢታት ተገይሩሉ ከምዝቐረበ ንሕብር።*

**ራብዓይ መድረኽ** (1978 – 1991)

ካብ 1975 – 1978 ዝነበረ እዋን፡ ስርዓት ደርግ በቲ ኣብ ኤርትራ ዝቶደደ ዝነበረ ብርቱዕ ኩናት ናብ ስዕረት ተገምጊሙ ዝነበረ እዋን'ዩ። ግዚፍ ወተሃደራዊ ምትእትታው ርእሰ ሓያል ሕብረት ሶቭየት ስለ ዝመጸ ግን፡ ኣብ መፋርቕ 1978 ወተሃደራዊ ኩነታት ብመሰረቱ ተቐየረ። ደርግ በቲ ዝረኸቦ ደገፍ፡ ኣብ ሐደት ኣዋርሕ ንግንቅሚ ሰራዊት ኢትዮጵያ፡ ሓይልታት ምድሪ፡ ባሕርን ኣየርን ብዓቢ ደረጃ ካብ ብምባል፡ ኣብ ጸለም ኣፍሪቃ እቲ ዝዓበየ ሰራዊት ብምህናጽ ካብ ምክልኻል ወጺኡ ናብ ሰፊሕ መጥቃዕቲ ተሰጋገረ። ሰውራ ኤርትራ ድማ ካብቲ ሓራ ዘወጾኦ ሰፊሕ ከበባታት ኤርትራ ከዝልቕ ተገደደ።


ድሕሪ ስትራተጂያዊ ምዝላቕ፡ ስርዓት ደርግ፡ በቲ ዝተገናጸፎ ዓወት፡ ብመጠኑ እስትንፋስ ስለዝረኸበን ኣብቲ ዝቐጸለ ውግኣት ንሰውራ ኤርትራ ፈጺሙ ከድምስሶ ከምዝኽእል ብምትእምማኑ፡ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ዝፍጽሞ ዝነበረ ግፍዕታት እኳ እንተዘየቋረጾ መጠኑ ክንክል ክኢሉ እዩ። ገለ ሰበስልጣን ኢትዮጵያ፡ ክሳብ ሽው ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝተፈጸመ ግፍዕታት ጌጋ ምንባሩ፡ ህዝቢ ብምግፋዕን ምጭፍጫፍን ግዝኣትካ ምርግጋእ ከምዘይክኣል ኣሚኖም እናተዛረቡ፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያውያን ዘሕደሮ ጽልእን ቅርሕንትን ንምልዛብ ኣኼባታት ናይ ህዝቢ እናዓደሙ ኀሰዀስ ምኽያድ ተተሓሓዝዎ። እቲ ኀሰዀስ "ወንበዴታት ጠፊኦም እዮም፡ ድሕሪ ደጊም ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ተሓባበርኩም ምንባር ይሕሸኩም" ዝዓይነቱ መልእኽቲ ዘመሓላልፍ ነበረ። "መጋለጥ" (ምቅላዕ) ብዝብል ሜላ ድማ፡ ምስ ሰውራ ዝተሓባበሩ ዝነበሩ ዜጋታት ምሕረት ክግበረሎም ባዕሎም ኑብሶም ከቃልዑ ይደፋፍኡ ነበሩ። ህዝቢ ኤርትራ ግን፡ ገዛእቲ ኢትዮጵያ መሓርቲ ከምዘይኮኑ ካብ ነዊሕ ታሪኹ ተመኩሩሉ እዩ። ድሌቱ ብዘይካ ናጽነት ካልእ ስለዘይነበረ፡ በቲ ሰበስልጣን ኢትዮጵያ ቀርበት ጠባዕ ተኸዲኖም ዝኑብሩዎ ዝነበሩ ናይ ተኻሉ ስራሕን ናይ ሽሒጣን መግለጽታትን ኣይተገርሀን።

ኣብዚ መድረኽ'ዚ ስርዓት ደርግ ወተሃደራዊ ሓይሉ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኑቲ ተናኺሙ ዝነበረ ናይ ጸጥታን ደህንነትን ትካላቱ እውን፡ ብሓገዝ ምብራቕ ጀርመን ዳግም ብምውዳቡ፡ ብዓቕሚን ናይ ኣሰራርሓ ርቀትን ከሐይሎ በቒዑ እዩ። ኣብ ወሽጢ ከተማታትን ገጠራትን ዝነበረ ስርዒታት ሰውራ ንምብታን ከኣ፡ ብዙሓት ሃሱሳትን ተጻናጸንቲን ኣዋፊሩ፡ ሓያሎ ዜጋታት እናኣሰረ፡ ኣብ ከም ማርያም ግምቢ ዝኣመሰለ ኣብያተ ማእሰርቲ፡ ብዘሰቅቕ ኣገባብ እናገረፈ፡ ብዙሕ ግፍዕታት ፈጸመ። ድሕሪ ስትራተጂያዊ ምዝላቕ ዝነበረ መድረኽ፡ ብናይ ምእሳርን ምቕጥቃጥን ምርሻንን ዛንታታት ዝተመልአ እዩ። እዚ ኣብ ኣብያተ ማእሰርቲ፡ ውዱባት ኣብ ልዕሊ ዝነበሩ ኣማኢት ናይ ፖለቲካ እሱራት ዜጋታት ዝፍጸም ዝነበረ ኣገዳዩ ኣሰቃቒ መግረፍቲን ቅትለትን፡ ኣብ ልዕሊ ምሩኻት ተጋደልቲ ዝወሰድ ዝነበረ ናይ ምርሻን ስጉምቲን ካልእ ርእሱ ዝኸኣለ ዝርዝር መጽናዕቲ ተገይሩ ክስነድ ዝግብኦ ኣርእስቲ እዩ።

ጭካነ ግፍዕታት ገዛእቲ ኢትዮጵያ ግን ኣብ ማእሰርቲ ጥራይ ዝተሓጸረ ኣይነበረን። ተጋደልቲ ኣብ ዝንቀሳቐስሉ ናይ ድሕሪ መስመር ዓድታት፡ ከምኡ'ውን ኣብ ትሕቲ ምሉእ ቁጽጽር ህዝባዊ ግንባር ኣብ ዝነበረ ቦታታት፡ ሲቪል ህዝቢ ዒላማ ዝገበረ ብዙሕ ደብዳብ ነፈርቲ ይፍጽሙ ኣብ ርእሲ ምንባሮም፡ ሰራዊት ኢትዮጵያ፡ ኣብ ድሕሪ መስመር ጸላኢ፡ ወፍሪታት እናካየደ ህዝቢ ናይ ምብስባስን ምቕታልን ተግባራት ብቐጻሊ ዘዘውትሮ ዝነበረ እዩ። ኣብዚ መድረኽ'ዚ፡ ደርግ ኑቲ ስርዓት ሃይሉ ስላሰ ዝጥቀመሉ ዝነበረ ናይ ገረብ ብሓኽሊ ሜላ እውን ክደግሞ ፈቲኑ ነበረ። ንረድኤት ዝመጸ ስርናይ ከም ዓቢ እናካ ምልሻ-ስርናይ ዝተሰምየ ዕጡቕ ሓይሊ ብምቛም፡ ከምኡ'ውን ንሰውራ ኩዒያም ናብ ስርዓት ኢትዮጵያ ኢዶም ዝሃቡ ተጋደልቲ (ወዶ-ገባ) ብምዕጣቕ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ሓድሕድ ከናቖት ብዙሕ ጸዕርታት የካይድ ነበረ። ኣይሰለጠን እምበር፡ ኑቲ ኣብ 40ታት መጋበርያ ኢትዮጵያ ዝነበረ 'ማሕበር ኣንድነት' ዳግም ህይወት ንምልባስ እውን ፈተነታት ተኻዪዱ እዩ።

ድሕሪ ምዝላቕ ክሳብ ናጽነት ኣብ ዝነበረ መድረኽ፡ ኣብ ደቡብን ምዕራብን ኤርትራ፡ ኣብ ባርካ፡ ሳሕል፡ ሰንሒትን ሰምሃርን ብደብዳብ ነፈርቲ ይኹን ተደጋጋሚ ናይ ሰራዊት ወፍሪታት፡ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ብዙሕ ግፍዕታት ተፈጺሙ እዩ። ቀቅድሚ ሻድሻይ ወራር፡ ኣብ ድሕሪ መስመር ጸላኢ ዝጥፍኡ ዝነበሩ ተጋደልቲ ንምጽራግ ኣብ መወዳእታ ኣዋርሕ 1981 "ኣልፋ ፕሮጀክት" ተሰምዩ ዝተኻየደ ናብ ዝተፈላለየ መኣዝን ዝቐንዐ ሰፊሕ ወፍሪ ካብቲ ሰላማዊ ህዝብን ተጋደልቲን ዒላማ ዝገበረ ብዙሕ ወፍርታት ብኣብነት ኪጥቀስ ይኽእል። ከም ኣካል ናይ ሸው ወፍሪታት ጸላኢ ናብ ዻምባ ሱሓርቲ ኣብ ዝኣተወሉ፡ ከይሃደሙ ኣብ ዓዶም ዝጸንሕዎ ኣስታት 42 ሰባት ዝቐተለሉ ፍጻመ ሓደ ኣብነት እዩ።

ሰራዊት ጸላኢ ኣብ ግንባራት ናቕፋን ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕልን ተደጋጋሚ መጥቃዕቲታት ኣብ ዘካይደሉ ዝነበረ እዋን፡ ከበድ ክሳራታት ክወርዶ እንከሎ፡ ናብቶን ድሕሪኡ ዝርከባ ዓድታት ተመሊሱ ሰላማዊ ህዝቢ ምቕታል፡ ዓድታት ምቅጻልን ህዝቢ ምብስባስን ልሙድ ተግባሩ ነበረ። ዓድታት ወሪዳ ዝበር፡ እምባህረ፡ ጣህረ፡ መዝረት፡ ኣልጋዕታ፡ ሰርጎ፡ ኣፍዕቡን ሓመልተትን ገለ ካብተን ሰራዊት ደርግ ሕነ ስዕረቱ ንምፍዳይ ግፍዕታት ዝፈጸመለንን ዓሰርተታት ተቐማጦአን ዝተቐትለወንን እየን።




ኣብ ምዕራብ ኤርትራ እትርከብ፡ ቶኾምብያ፡ ኣብ ኣርባዕተ ዝተፈላለየ እዋናት ማለት 1975፡ 1977፡ 1983፡ ብወፍርታት ሰራዊት ጸላኢ ተደጋጋሚ ግፍዕታት ዝወረዳ ሓወሲ ከተማ እያ። ካብ 1975 ክሳብ 1983 ኣብ ዝነበረ ዓመታት ኣብታ ዓዲ ሰላማዊ ህዝቢ ዒላማ ዝገበረ ልዕሊ 100 ደብዳብ ነፈርቲ ከምእተፈጸመ ጸብጻባት የመልክቱ። ኣብ ሞልቀ ዝተፈጸመ ኣብ ሓደ እዋን 42 ዜጋታት ዝተቐትልሉን 94 ዝቘሰሉሉን ሰላማዊ ህዝቢ ዒላማ ዝገበረ ደብዳብ ነፈርቲ ከም ኣብነት ክጥቀስ ዝኽእል እዩ። ኣብ ባድመ፡ ኣብ ኩሉ ከበባታት ሳሕል፡ ባርካን ሓልሓልን (ኣፍዓበት፡ ናቕፋ፡ ኣግራዕ፡ ሕሽኩብ፡ ዓንበርበብ፡ ዛራ፡ ኣሶማጥ፡ ዓራርብ፡ ቤት ትምህርቲ ሰውራ፡ መደበር ዐቖባት ሰለሙና ወዘተ.) ዝፍጸም ዝነበረ ናብ ሰላማዊ ህዝቢ ዝቐንዐ ደብዳብ ነፈርቲን ኣብ ልዕሊ ሰብን ንብረትን ጥሪትን ዘውረዶ ጉድኣትን ድማ ጸብጺብካ ኣይውዳእን።

መድረኽ 1984-1988፡ ሰውራ ኤርትራ ድሕሪ'ቲ ኣብ ቀወምቲ ግንባራት ዝተኻየደ ናይ 5 ዓመት ምርብራብ ኑቲ ህንዱድ ሰራዊት ደርግ ኣናኺሙ፡ ኣብ ተሰነይ፡ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል፡ ባረንቱ መጥቃዕታዊ ተበግሶ እናወሰደ ካብ መድረኽ ምክልኻል ናብ ጃላት ካብ ጃላት ደረጃ ብደረጃ ናብ ስትራተጂያዊ መጥቃዕቲ ዝተሰጋገረሉ ግዜ ነበረ። ብኡ መጠን ድማ ቅብጸት ስርዓት ደርግ ኣብ ጥርዚ ብምብጻሑ፡ እቲ ኣብ ዝኾነ እዋን ዘይተጋደፈ ኣረሜናዊ ተግባራት ብስፋሓት ዝቐጸለሉ መድረኽ እዩ።

ሓደ ካብ ዘገርም ተርእዮታት ናይዚ መድረኽ'ዚ ከምቲ "ዓሻስ ገበጣ ክሳብ ዝውዳእ ይጻወት" ዝበሃል፡ ገዛእቲ ኢትዮጵያ ኣብ 60ታትን 70ታትን ሓሊዮቲ ክርስትያን ብምምሳል፡ ኣብያተ ክርስትያን ጉዳፎም መሳጊድ እናቃጸሉ፡ ኣብ ልዕሊ እስላም ሕብረተሰብ ኤርትራ ከበድ ግፍዒ ከምዘውረዱ፡ ኣብ ኣጋ ዕርበቶም፡ 'ኮን ዶኾ' ንክርስትያን ጉዲፍካ ንእስላም ምኽሳብ ይሓይሽ ብዝብል ሓሳብ፡ ኣብ ህዝቢ ኤርትራ ምክፍፋልን ምትፍናንን ንምፍጣር፡ተጣበቕቲ መታሕትን እስላምን መሲሎም፡ ንገለ ብኣጻብዕ ዝቑጸሩ ዕሱባት ደቂ ሃገር ብገንዘበን ካልእ ረብሓታትን ብምስዳዕ፡ ምስቲ ናይ 5ይ ማስርዐኛ ተራ ክጻወት ዝጀመረ ኣድሓርሓሪ ጉጅለ ዓብደላ እድሪስ ብምውዳይ፡ "ቆላማ" ዝተባህለ ኣብ መታሕት ኤርትራ ርእሰ-ምምሕዳር ዝጠልብ ምንቅስቓስ ኣልዒሎም፡ ንህዝቢ ኤርትራ ብሃይማኖት ንምጥምማዕ ከሰርሑ ምርኣዮም እዩ። እንተኾነ መልሲ ህዝቢ ኤርትራ ኣብዚ መድረኽ'ዚ "ንዓኻኹም በልዎ" እዩ ነይሩ።

ኣብ መጋቢት 1988 ህዝባዊ ሰራዊት፡ ናብ መድረኽ ስትራተጂያዊ መጥቃዕቲ ብምስግጋር፡ ንግንባር ናቕፋ ኣፍሪሱ፡ ኣብቲ ግንባር ን9 ዓመታት ብቐዋምነት ዓሪዱ ክረባረብ ዝጸንሐ ብስም "ናደው እዝ" ዝፍለጥ ግዚፍ ሰራዊት መግዛእቲ ኢትዮጵያ ኣብ ከባቢ ኣፍዓበት ብምድምሳስ፡ ንኣፍዓበት ሓራ ዝገበረ ዕውት ወተሃደራዊ ስርሒት ፈጸመ። እዚ፡ ኣብ ስርዓት ኢትዮጵያ ከበድ ስንባደን ነውጺን ዝፈጠረ ታሪኻዊ ፍጻመ ነበረ። ብኣገላልጻ ናይ ሸው ዋና ጸሓፊ ህዝባዊ ግንባር ተጋዳላይ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ እዚ ስትራተጂያዊ መጥቃዕቲ'ዚ 'ንመጀመርታ ግዜ ገዛእቲ ኢትዮጵያ፡ ህላወኦም ኣብ ኤርትራ ክቕጽል ደዩ ኣይቅጽልን ምጥርጣር ዝፈጠረሎም እዩ ነይሩ።'

በዚ ድማ ድሕሪ'ቲ ስርሒት ብ31 መጋቢት 1988 ስርዓት ደርግ ህጹጽ ኣኼባ ናይ 'ሽንጎ' (ባይቶ) ብምጽዋዕ ናይ እዋን ሓደጋ ድንጋገን ናይ ክተት ኣዋጅን ኣውጸአ። በቲ ሽው ዝወጸ ናይ ክተት ኣዋጅ፡ ስርዓት ደርግ ካብ ዝተፈላለየ ከበቢታት ኢትዮጵያን ኤርትራን ዘሎ ሰራዊት ኣኻኺቡ፡ ኣብ ግንባር ከረን ናይ ሞትን ሕየትን ወግእ ኣካየደ። እንተኾነ ለውጢ ከምጽእ ኣይከኣለን። ብኣንጻሩ ህዝባዊ ሰራዊት ብምብራቕ፡ ንሳሕል ምስ ሰሜናዊ ባሕርን ንላጉል ሰምሃርን ዘራኽብ ሰፊሕ ቦታታት ክቆጻጸር ክኣለ።

ኣብቲ ናይ ምብራቓዊ ንላጉል መጥቃዕቲ፡ ከበድ ክሳራ ዝተሰከመ ሰራዊት ደርግ፡ ሕንሕነ ስዕረቱ ከም ወትሩ ኣብ ሰላማዊ ህዝቢ ኣውረዶ። ቀዳማይ ግዳይ ናይቲ ሽው ዝወጸ ድንጋጌ እዋን ሓደጋ ድማ ህዝቢ ዓድታት ምብራቓዊ ንላጉል ነበረ። ኣብ ሚያዝያ 1988፡ ወተሃደራት ደርግ ፈለማ ኣብ ልዕሊ ተቐማጦ ዓዲ-ሽሙ፡ ሽባሕን መትከል ኣብየትን ኣብዮቲ ሰላማዊ ህዝቢ እናፈተሹ፡ ኣብ ገዛኦም ዝረኸብዎም ከሃድሙ ዘይክኣሉ ቆልዓ ሰበይቲን ኣረጋውያንን ሰሲሒቦም ብምውጻእ፡ ኣብ ሓደ ኣከቢም ዓሰርተታት ዜጋታት ክቐትሉ እንከለው፣ ኣብ ግንቦት 1988 ከኣ ንህዝቢ ሽዕብን ከባቢኣን ብረሻሽትን ታንክታትን ተሳዕልዎ። ኣብዚ ናይ ሽዕብ ፍጻመ ጥራይ 400 ዜጋታት መብዝሕትኦም ሽማግለታትን ቆልዓ ሰበይቲን ብኣሰቃቒ ኣገባብ ተቐትሉ። ካብዚኦም 80 ብሰንሰለት ታንክታት ተረጊጾም ዝተሓምተሉ እዮም። ኣማኢት መዝበሪ ገዛውቲን ናይ ሸቐጥ ኣባይቲን ድማ ምስ ምሉእ ንብረቱ ኢቃጸሉ። ብዙሕ ኣዋርቕ፡ ገንዘብን ክቡር ንብረትን ብወተሃደራት ደርግ ተዘሚቱ። በዚ ጃምላዊ ህልቂት'ዚ፡ ገለ ስድራቤታት ብዘይ ሓድጊ ክጸንታ እንከለዋ፡ ገለ ስድራቤታት ድማ ክሳብ ኣርባዕተ-ሓሙሽተ ኣባላተን ተቐትለወን።

ኣብ ለካቲት 1990፡ ህዝባዊ ሰራዊት፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ኣብ ምብራቓዊ ንላጉልን ካብ ደንጎሎ ክሳብ ባጽዕ ኣብ ዝዝርጋሕ ከበቢን ዓሪዱ ዝነበረ ሰራዊት ኢትዮጵያ፡ ሰፊሕ በርቃዊ መጥቃዕቲ ብምፍናው፡ ብ10 ለካቲት ንወደብ ምጽዋዕ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሩ ኣእተዋ። ድሕሪ'ዚ ስዕረት'ዚ ስርዓት ደርግ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ምሉእ ብምሉእ ቀበጽዎ እዩ። ካብ 4 ሚያዝያ ክሳብ 12 ሰነ 1990 ከኣ፡ ኣብ ልዕሊ ተቐማጦ ባጽዕ 7 ግዜ ብርቱዕ ናይ ነፈርቲ ደብዳብ ኣካየደ። በዚ ደይ መደይ ኢልካ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ዝተፈጸመ ደብዳብ 124 ዜጋታት ብዘስካሕክሕ መውቃዕቲ ህይወቶም ክስእኑ እንከለው፡ 332 ድማ ግዳይ መውጋእቲን ስንክልናን ኮይኖም፡ ኣማኢት መዝበሪ ኣባይቲን ትካላትን ምስ ምሉእ ትሕዝቶኡ ተቓጺሉን ዓንዩን። እዚ ናይ መወዳእታ ናይ ዓቕሊ-ጸበትን ተስፋ-ምቑራጽን ኣረሜናዊ ተግባር ስርዓት ደርግ፡ ህዝቢ ኤርትራ "ቅብጸት" ክብል ሰመዮ።

ኣብዚ ዓመት'ዚ ወተሃደራት ደርግ፡ ሕንሕነ ናይቲ ኣብ ዝተፈላለየ ግንባራት ዝወርዶም ዝነበረ ከበድ ክሳራታት፡ ኣብ ማእከል ኣስመራ፡ ግጥም ዋንጫ ዓለም ክዕዘቡ ዝጸንሑ እኩባት መንእሰያት ብኣልማማ ተኾሱ። ብምርሻሽ ኣስታት 40 መንእሰያት ዘህለቕሉ ፍጻመ እውን ጎሊሑ ካብ ዝጥቀስ ግፍዕታት ሓደ እዩ።

ይቕጽል

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣቶ የሱፍ በርህ ጉብረማርያም፡ ኣጎና ሄለቃ በርህ ጉብረማርያም ወልደገርጊስን ኣዴና ለተንሳእ ቀሺ. ጉብረእየሱስ ወልደስላሴን ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/2/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ/32 ይቕረብ።

ከሳሲት ወረ/ፍ/ታደሰ ፍስሃ በረኸ. 1. ሚለን ታደሰ ፍስሃ 2. ሰምሃር ታደሰ ፍስሃ፣ ተኸሰሲ. ግርማይ ሃይለ ተኽለማርያም፡ ናይ ገንዘብ ክሲ. ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕካ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን27/2/25 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ቁ37 ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ውሳኔ ክወሃብ ምዃኑ ፍለጥ።

ከሳሲት ወረ/ፍ ኣቦ ቦኽረጽዮን ምሕጽንቱ 2. ሳባ ስዩም ሓድጉ፡ ተኸሰስቲ ኣለም ስዩም፡ ኣፈወርቂ ሰለሙን፡ ማጆር ኣፈወርቂ ናይ ምቕሊት ክሲ. ቀሪቡልኩም ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን6/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቁ39 ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ውሳኔ ከወሃበሉ ምዃኑ ፍለጡ።

ከሳሲ. ኣቶ መብራህቱም ጉብረኪዳን ንጉሰ፡ ተኸሰስቲ ወረ/ፍ ብርሃ ገዚኢ. ጉብረሚካኤል፡ ናይ ገንዘብ ክሲ. ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ኣድራሻኹም ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን28/2/25 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ቁ37 ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ውሳኔ ከወሃበሉ ምዃኑ ፍለጡ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ.

ወ/ት ሰላት ጉብረየውሃንስ ተወልደ ምግል ተሪፉ፡ ለይላ ጉብረየውሃንስ ተወልደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/2/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ኣቶ ተስፋይ ጉብረገርግሽ ጉብረማርያም፡ ብዓልቲ ቤተይ ኣቦ ጉብረእንድርያስ ሃብተ ስለዝዋረፈት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ትርሓስ ሕሩይሃንስ ምግል ተሪፉ፡ ትርሓስ ሕሩይ የሃንስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ብወላዲታ ኣምለሰት ብርሃ ጉብረክርስቶስ ትሕተ ዕድመ ሰሰን ብርሃ ጸጋይ ምግል ተሪፉ፡ ሂዘዳ ብርሃ ጸጋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ተወልደመድህን ሓይለኣብ ስመረ ምግል ተሪፉ፡ ኣቤል ሓይለኣብ ስመረ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ኣቶ ተኽለይ ጉብረክርስቶስ ከተም ምግል ተሪፉ፡ ተኽለ ጉብረክርስቶስ ከተም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/2/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ልኡል ብርሃ ክብሮም፡ ስም ኣደይ ለታይ ተስፋሚካኤል ጎይትኦም ምግል ተሪፉ፡ ለተኪዳን እምባየ ግደይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ንግስቲ ኣርኣያ ወልደሚካኤል፡ በዓል ቤተይ ኣቶ ጉብረእንድርያስ ተኸስተ ጎንጬ ወሀብቶ ስለ ዝዘዘ ክጺድቀለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ብርሃና ተስፋማርያም ጉብረሚካኤል፡ ወደይ ኤፍሬም ብርሃ ተስፋማርያም ስለዝተሰውኣ፡ ኣነ ወራሲ. ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ተከሌዛን

ምዕባለ ሃይለስላሴ ሓይለኣብ ምግል ተሪፉ፡ ቤትኤል ሃይለስላሴ ሓይለኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ወ/ሮ ቀዳዊት ኣብርሃ ወልደጉብርኤል፡ ብዓል ቤተይ ጸሃየ ተወልደ መድሂኒ ስለዝተሰውኣ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ትምኒት ዳኛው ምግል ተሪፉ፡ ትምኒት ገዚኢ. በየን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ከረን

ኣቶ ሃብቶም መሰ፡ ኣዴና ዝፋን ካሕሳይ ጉብረሚካኤል ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ ሓደ ሓወይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ሄርሞን የማነ ባህታ ምግል ተሪፉ፡ ኤርሚስ የማነ ባህታ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሮናል ጉብረኤል ጆርጆን ኢቫ ሰዩፊ. ኣብርሃ፡ ወኪል ሮናን ጉብረኤል ጆርጆ፡ ብመሰረት ናይ ጥፍኣት፡ ኣዴና ምውትቲ ክትብሃል፡ ኣነ ምስ ሓፍተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሓዋ መሳ እድሪስ ምግል ተሪፉ፡ ሓዋ መሳሓሰን እድሪስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሞልቂ

ወ/ሮ ዝውዓ ሃንስ ንግሩ፡ ብዓል ቤተይ ዛይድ ኣሰገሀይ ዑቕባስላሴ ስለዝተሰውኣ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቂ ከኣ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሻምብቆ

ወ/ሮ ሚዛን ሃይለ ጸጉ፡ ብዓል ቤተይ ጸጋይ ኣብርሃም ጉብረስላሴ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 10 ደቂ ከኣ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ወ/ሮ ቅዱሳን ሽመንዲ ወልደሚካኤል፡ ስም ኣደይ ያደናህ ሃይለሚካኤል መንገሻ ምግል ተሪፉ፡ ዓይኣለም ሃይለሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ተኽለ በራኺ. ጉብረእግዚኣብሄር +2 ዝተበሃልኩ፡ ብስም ወለድና በራኺ. ጉብረእግዚኣብሄር ሓደራን ገኑት ኣሰፋውን፡ ኣብ ኣስመራ ዞባ 2 ምም/ 01 ኣብ ኮሚሽን ኣባይቲ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 109040 መወከሲ. ቁጽሪ 125350 ዋንነት ዝተዋህቦ ገዛ ወለድና ብዘበሩልና ወሀብቶ ናብ ስምና ክመሓለልና ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ. 30 መዓልታት፡ ሕጊ. ብዝኣዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓኢታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ።

ተኽለ በረኸ. ጉብረእግዚኣብሄር+2

---

ኣማኑኤል በራኺ. ጉብረእግዚኣብሄር ዝተበሃልኩ፡ ብስም ወለደና በራኺ. ጉብረእዚኣብሄር ሓደራን ገኑት ኣሰፋውን፡ ኣብ ኣስመራ ዞባ 9 ምም/ 03 ኣብ ኮሚሽን ኣባይቲ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 112466 መወከሲ. ቁጽሪ 136879 ዋንነት ዝተዋህቦ ገዛ ወለደይ ብዘበሩለይ ወሀብቶ ናብ ስመይ ክመሓለልና ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ. 30 መዓልታት፡ ሕጊ. ብዝኣዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓኢታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ።

ኣማኑኤል በራኺ.

---

## ንኻልኣይ ግዜ ዝወጸ ምልክታ ጨረታ

ሚኒስትሪ ቱሪዝም፡ ኣብ ኣስመራን ባጽዕን ንዘርከብ ሆቴላት መንግስቲ (እምባሶይራ/ሓማሴን፡ ንያላ ሰንትራል ኣስመራ፡ ገርግሱም ቢች ሆቴል፡ ሬድሲን ሰንትራል ሆቴል ባጽዕን) ክሳብ 30/06/2025 ዝጸንሕ ቀረብ ደርሆን እንቋቑሖን ከቕርቡ ንዝኽእሉ ሕጋውያን ነጋዶ ንጨረታ ይዕድም፡፡

ተጫረትቲ ከማልእዎ ዘለዎም

* ናይ 2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግድን ናይ 2023 መረጋገጺ. ካብ ዕዳ ነጻ
* መኽበሪ ጨረታ 10,000.00 (ዓሰርተ ሽሕ) ናቕፋ ብCPO የትሕዙ፡፡
* ተጫረታይ ሃገራዊ ግቡኡ ዘፈጸመ ወይ ዘይምልከቶ ክኸውን ይግባእ፡፡
* ምልክታ ጨረታ ካብ ዝወጸሉ ግዜ ጀሚሩ ን10 መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ሰነድ ጨረታ (መግለጽን ዝምላእ ቅጥዕን) ኣብ ኣስመራ፡ ኣብ ደምበ ሰማል (እንዳ ኮርያ) ዝርከብ ህንጻ ሚኒስትሪ ቱሪዝም ቤ/ጽ ምም/ሆ/መንግስቲ፡ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ዘይምለስ ናቕፋ 50.00 (ሓምሳ) ብምኽፋል ክውሰድ ይከኣል፡፡
*ጨረታ ድሕሪ ምዕጻው ቀጺላ ኣብ ዘላ ናይ ስራሕ መዓልቲ፡ ሰዓት 10.00 ቅ/ቀ ተሳተፍቲ ወይ ወኪል (ውሉድ፡ ወላዲ፡ ብዓል/ቲ ቤት) ኣብ ዝተረኽበሉ ኣብ ህንጻ ሚኒስትሪ ቱሪዝም ቤ/ጽ ምም/ሆ/መንግስቲ ይኽፈት፡፡
* ሚኒስትሪ ቱሪዝም ዝሓሸ ኣማራጺ. እንተረኺቡ ብምሉእ ይኹን ብኸፊል ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ሚኒስትሪ ቱሪዝም

---

## ንራብዓይ ግዜ ዝወጸ ምልክታ ጨረታ

ዓይነት መግቢ፦ ኣሕምልትን ፍረታትን፡ ስጋ ከብቲ፡ እንቋቑሖ፡ ፍሩይ፡ ገፍሮ በርበረ ምስ ቀመሙ፡ ጸብ ከብቲ፡፡
ኣሃዱ ሚ/ጥ/ዞ/ዓንሰባ
ውዕል፦ ዓመታዊ ቀረብ መግቢ.
ዓይነት ጨረታ ፦ ሃገራዊ ክፉት ጨረታ
ጨ/ሚ/ጥ/ዞ/ዓንሰባ ንዓመት 2025 ካብ ወርሒ. 01/01/25 ክሳብ 31/12/25 ዓ/ም ኣብ ትሕቲኡ ንዝመሓደራ ሆስፒታልከረን ኮ/ሆ/ዒላበርዕድ- ኮ/ሆ/ሓጋዙማ/ጥ/ሓመልማሎ- ማ/ጥ/ፍሉዳርብማ/ጥ ሓልሓልን ንደቂሶም ዝሕከሙ ሕሙማት ኣገልግሎት ዝውዕል ቀረብ መግቢ. ከማርት ስለ ዝደለየ፣ ንሕጋውያን ነጋዶ ኣቕረብቲ መግቢ. ይዕድም (ኣብ ንኡሳን ዞባታት ዝማረቱ ካብ ቤ/ጽ/ጨ/ሚ/ጥ/ንኡሳን ዞባታት ይወስዱ)

ተጫረትቲ ከማልእዎም ዘለዎም ነጥብታት፡፡

1. ጨ/ሚ/ጥ/ዞ/ዓንሰባ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ መግቢ. ( ኣሕምልትን ፍረታትን ስብሒ. ዘየብዝሖ ስጡይ ስጋ ከብቲ፡ እንቋቑሖ ሆላንድ ፍሩይ፡ ገፍሮ በርበረ ጸብ ከብቲ) ብዕሹግ ደብዳበ ከቕርቡ ይዕድም፡፡
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ፡፡
3. ተጫረትቲ ቅዳሕ ናይ 2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን ናይ ዓመት 2023 ክሊራንስ ናይ ኣታዊ ውሽጢ. ሃገር ዋኒት የቕርቡ፡፡
4. ተጫረትቲ ተወሳኺ. ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ቤ/ጽ ሓፈሻዊ ኣገልግሎ/ሚ/ጥ/ዞባ ዓንሰባ ናይ ጨረታ ሰነዳትን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ፡፡
5. ብቑዓት ተጫረትቲ፡ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 100.00 (ሚእቲ ናቕፋ) ከፊሎም ክወስዱ ይግባእ፡፡
6. ጨረታ ኣብ ቤ/ጽ/ሚ/ጥ/ዞ/ዓንሰባ ብዕለት 10/02/25 ሰዓት 9:45 ቅ/ቀ ክበጽሕ ኣለዎ፡፡ ደንጉዩ ዝቐረበ ካብ ጨረታ ይንጸግ፡፡
ጨረታ፡ ተጫረትቲ ሕጋውያን ወከልትን ክሳተፍ ዝደለየ ሰብን ስ ስርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጹ ሰባትን ኣብ ዝተረኽበሉ፡ ኣብ ቤ/ጽ/ሚ/ጥ/ዞባ ዓንሰባ ዕለት 10/02/25 ሰዓት 10:00 ቅ/ቀ ጨረታ ብግልጺ. ይኽፈት፡፡
7. መኽበሪ ጨረታ ዝምለስ ንኣሕምልትን ፍረታትን ስጋ ከብትን ንዝፍሰ. ወከፍ ናቕፋ 30.000 (ሰላሳ ሽሕ) ንእንቋቑሖ በርበረን ጸብ ከብትን ንዝፍሰ. ወከፍ 20.000 (ዕስራ ሽሕ) ናቕፋ ብCPO ኦርጂናል ክትሕዙ ይግባእ፡፡
8. ጨረታ፡ መምርሒ. ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዝኣዝዞ መሰረት ይካየድ፡፡
9.ሚ/ጥ/ዞ/ዓንሰባ ብምሉእ ወይ ብከፊል ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ሚኒስትሪ ጥዕና ዞባ ዓንሰባ

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ደንደን ንስፖርተኛታታ ሸሊማ

ደንደን - ክሉብ ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ኣብ 2024 ኣብ ኩሉ ዓይነታት ስፖርት ብውልቂ ብዝኣይዎ ብቕዓት ጸቢሎል ንዝበሉ ስፖርታውያና፡ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ መዓስከር ደንደን ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት ሸሊሙ።

እዚ ሽልማት፡ ንሓልሳይ ግዜኡ ዝካየድ ዘሎ ኮይኑ፡ ንመምዘኒ ብቕዓት ዝኸውን ወሸጣዊ ቅጥዕታት ብምውዳድ እዩ ዕወታት ተመሪጾም።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ከተሶ እግሪ ኣብ ዓወት ጋንታኦም ልዑል ተራ ካብ ዝበርም ተጻወትቲ ሓደ ዘኾነ ናህም ታደሰ ንቢንያም መኾስተኣብን ክብርም ሰለሙንን በለጹ ተሸሊሞም። ብተመሳሳሊ፡ ፍትሓዊት የውሃንስ ንረም ረዳእን ኣድሃም ኣቶብርሃንን ኣኸቲሉ ዕወትቲ ናይ 2024 ኮይኖም። ሓለቓ ጋንታ ሄለን ሚካኤል ከኣ ኣብቲታዊት ጉዳም ተጻዋቲት ተባሂላ ተሸሊማ።

ኣትሌት የርዳኖስ ሃብተስላሴ፡ ኣብቲ ዓመት ኣብ ዞባውን ሃገራውን ውድድራት ብዘመዝገበቶ ዓወታት፡ ንመዚት ተሰፋይ ቀዲሙ ዕወትቲ ኮይና። ደብሳይ ደሳለ ከኣ ንኦሎምፒካዊ ኣትሌት ዕቑባይ ጼጋይ በለጹ ተዓዊቱ።

ኣብቲ ዓመት ኣብ ኦሎምፒክ ዝተሳተፈን ኣብ 10 ኪሎሜተር ዝቐልጠፈ ናይ ሃገርና ግዜ ዘዝረመን መንእሰይ ኣትሌት መርሃዊ





ስእሊ. የናታን የዕብዮ

መብራህቱ ከኣ ፍሉይ ዓወት ተባሂሉ ንሽልማት በቒዑ።

ንኻልኣይ ተኸታታሊ ግዜኡ ኣብ ኦሎምፒክ ዝተሳተፈትን ኣብ ዱባይ ኣብ ናይ ወርቂ ደረጃ ዝበሮ ውድድር ማራቶን ካልኣይ ደረጃ ዝሓዘትን ዶልሺ ተስፉ'ውን ብተመሳሳሊ ንሽልማት በቒዓ።

ኣብ ቅድድም ብሽክለታ፡ ርምና ጉዕሽ ንመዘናኣ ሚለና ያፊት በለጸ ተዓዊታ። ኣድሃም ዳዊት ድማ ክጽዮ ኣብ ወሸጢ ሃገር ኣብ ኬንያ ኣብ ሻምፕዮን ኣፍሪቃ ብዘርአዮ ብቕዓትን ዘምጽኦቶ መዳልያን ጸብሊል ኢሉ።

ናኣድ ብርሃነውን ንደቂ ጋንታኡ ጳውሎስ ጉብረሚካኤልን ኣኽሊሉ ኣተሸምን ኣኸቲሉ ተሸሊሙ።

ኣብ ከተሶ ሰከይት፡ እዛ ጋንታ ኣብ ሻምፕዮን ዞባ ማእከል ከይተሳዕረት ጸዋእ ከተልዕል ሕልፍ ዝበለ ተራ ዝበራ ሶሊያና ተኪኡ፡ ንኣድያም ዘርእዝጊኑ ምርያም መብራህቱን ሄቨን ኣብራሃምን ረቲዓ ተዓዊታ። ኣሰልጣኒ ናይዛ ጋንታ መልጌታ በረኸት ድማ ኣብ ምስልጣን ንዘዕመሞ ዕማም ተሸሊሙሉ። ኩሎም ዕወታት ከኣ ሽሽዱሽተ ሽሕ ናቕፋ ተሸሊሞም።

## ቢንያም፡ ሎሚ ውድድሩ ክጅምር እዩ

ኦሎምፒካዊ ተቐዳዳማይ ኢንተርማርቼ - ቢንያም ግርማይ፡ ሎሚ ረቡዕ ኣብ እስጳኛ ኣብ ናይ ሓደ መዓልቲ ጸወታ ብምውድዳር፡ ናይ ዓመት 2025 ውድድራቱ ክምወሶ እዩ።

ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ናይ ዩሲኣይ ውድድር ንመውዳእታ ግዜ ብ13 ጥቅምቲ ኣብ ጀርመን ኣብ ናይ ሓደ መዓልቲ ጸወታ ዝተወዳደረ ቢንያም፡ ኣብቲ ዓመት ኣብ ታሪኽ ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ፡ ኣፍሪቃ፡ ዓለምን ጋንታኡ ኢንተርማርቼን ብርክት ዝበለ ክብረ-ወሰን ኣጽሒፉ እዩ። ብዓቢኡ ከኣ ኣብ ናይ ልዕሊ ሓደ ዘመን ታሪኽ ዘር ፈረንሳ፡ ናይ ፈለማ ጸለም ኣፍሪቃዊ ናይ መድረኽ ዓወት ዘመዝገበን ቀጠልያ ናይ ሹኢ ማልያ ዝተዓወተን ብምዃኑ እጹብ ድንቂ ታሪኽ ሰሪሑ እዩ።

እዝሃ ሎሚ ዓመት ከኣ ተወሳኺ ታሪኽ ንምጽሓፍ፡ እጅጉኡ ሰብሰቦን መሪሕ ተቐዳዳማይ ጋንታ ኮይኑን ናብ ውድድር ኣትዩ ኣሎ። ሓደ ካብኦም ንናይ ሎሚ ውድድር ክዕወትላ ተገሚቶም ዘለዉ ተቐዳደምቲ'ውን እዩ።




እዚ ኣብ እስጳኛ ከተማ ማጆርካ ዝካየድ ውድድር፡ ኣብዘን ዝስዕባ ሓሙሽተ መዓልታት ብተኸታታሊ ዝካየድ ሓሙሽተ ኻይ ሓደ መዓልቲ ውድድር 'ብደሃ ማጆርካ' ተባሂሉ እዩ ዝጽዋዕ። ሎሚ እትካየድ ከኣ ትሮፊያ ካልቪያ ተባሂላ ትጽዋዕ። 150.1 ኪሎሜተር ከኣ ክትሸፍን ኢያ።

ብዘይካዚ፡ ኦሎምፒካዊ ተቐዳዳማይ መርሃዊ ቅዱስ'ውን ኣብዘን ሓሙሽተ ናይ ክላሲክ ውድድር ክጻወት እዩ። ሎሚ ዓመት ናብ ቡርገስ ዝተጸምበረ እዚ ጉዳም ተቐዳዳማይ፡ ኣብ ዝሓለፉ መዓልታት ኣብ እስጳኛ ኣብ ሰለስተ ናይ ሓደ መዓልቲ ውድድራት ተሳቲፉ ነይሩ። ጽቡቕ ዕድል ንቢንያምን መርሃዊን።

እዚ ከምዚ ኣሉ እንከሎ፡ ሰለስተ ኤርትራውያን ተቐዳደምቲ ክሉብ ኢስታንቡል ክሳተፍዎ ዝቐጸሉ ዘር ሳርዳኒ፡ ትማሊ ብሓሙሽይቲን ናይ መውዳእታን መድረኽ ተዛዚሙ። ኣብቲ 121.87 ኪሎሜተር ዝሸፈነት መድረኽ፡ ኤሽን የማነን ናትናኤል ብርሃነ ካብ ዕውት ግዜ ከይከሰሩ ብቐደም ተኸተል ማብል 42ን 64ን ኣትዮም። ጴጥሮስ መኮንን ከኣ 33 ካልኢት ድሒሩ ማብል 86 ደረጃ ሒዙ።

ነዚ ውድድር ብዮዜ ኣውስትራልያዊ ተቐዳዳማይ ጆስ ከንት ክዕወተሉ እንከሎ፡ ጴጥሮስ፡ ናትናኤልን ኤሽንን ብቐደም ተኸተል ማብል 25፡29ን 30ን ደረጃ ሒዞም። ኤሽን ኣብ ናይ መንእሰያት ካብ ዕውት ቤልጂዩማዊ ማሪቦት 4 ደቒቕን 7 ካልኢትን ድሒሩ ሻዱሻይ ደረጃ ሒዙ።

## ተኒስ - መጻረዪ ውድድር ይካየድ ኣሎ

ፌደረሽን ተኒስ ዞባ ማእከል፡ ንሃገራዊ ውድድር መጻረዪ ግጥማት ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ ክሊ ዕድመ ክልቲኡ ጾታ ውድድር ኣካዩዱ።

እዚ ውድድር፡ ዝሓለፈ ቀዳም ኣብ ሜዳ ደምበ ሰምበልን ቤት ገርግሽን እዩ ፈሊሙ።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ክሉብ ደምበ ሰምበል ኣብ ርብዒ ፍጻመ ትሕቲ 14 ዓመት ደቂ ኣንስትዮ፡ መሪና ቴድሮስ ንሩፍታ እዮብ፡ ሜላሄል እስይ ንሳራ ኤፍሬም ብተመሳሳሊ 7-ብ0 ሰዒረናአን። ኣብ ፍርቂ ፍጻመ ከኣ መሪና ቴድሮስ ንሐንኣን ተወልደ 7-ብ4፡ ክሪስቲና ሚካኤል ንሳራ ኤፍሬም 7-ብ3 ረቲዐናአን።

ኣብ ትሕቲ 12 ዓመት፡ ኣብ ርብዒ ፍጻመ ሳሌም ኤፍሬም ንኢለም የሴፍ 7-ብ1፡ ከምኡ'ውን በታንያ መሴ ንቅሳት ተኸለሃይማኖት 7-ብ4 ረቲዐናአን። ኣብ ፍርቂ ፍጻመ ድማ ዲናር እንድርያስ ንሳሌም ኤፍሬም 7-ብ5፡ ሐንኣን መሴ ንበታንያ መሴ 7-ብ3 ሰዒረናአን።

ብዘይካዚ፡ ሰንበት ናይ ትሕቲ 14 ዓመት ኣብ ዘካየድዎ ጸወታ፡ መሪና ቴድሮስ ንክርስቲና ሚካኤል 7-ብ3 ሰዒራ ቀዳማይ ደረጃ ሒዛ። ሐንኣን ተወልደ ከኣ ንሳራ ኤፍሬም 7-ብ2 ረቲዓ ሳልሳይ ደረጃ ሒዛ። ኣብ ናይ ትሕቲ 12 ከኣ ዲናር እንድርያስ ንሐንኣን መሴ 7-ብ0 ብምርታዕ ቀዳመይቲ ክትወጽእ እንከላ፡ ሳሌም ኤፍሬም ንበታንያ መሴ ብተመሳሳሊ 7-ብ0 ብምስዓር ሳልሳይቲ ወጺኣ።

ኣብቲ ዕለት ኣብ ቤት ገርግሽ ኣብ ዝተኻየደ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ውድድር ድማ፡ ኣብ ትሕቲ 12 ዓመት ሳሙኤል ኣስመሮም ንናታን ኣንገሶም 7-ብ4 ሰዒሩ ቀዳማይ ወጺኡ። ቅዱስ ሰለሙን ከኣ ንኣቤል ጳውሎስ 7-ብ2 ረቲዑ ሳልሳይ ደረጃ ሒዙ።

ኣብ ትሕቲ 14 ዓመት ከኣ ኬቨን ዕቑባይ ንዝሪ ኤፍሬም 7-ብ0 ብምርታዕ ቀዳማይ ደረጃ ሒዙ ዛዚሙ። ንኣማን በረኸት 7-ብ0 ዝሰዓሮ ኣቤል ኣንገሶም ከኣ ሳልሳይ ደረጃ ሒዙ።

## ነይማር፡ ምስ ኣል-ሂላል ተፈላልዩ

ነይማር፡ ምስ ስዑዳዊት ክለቡ ኣል-ሂላል ዝበሮ ውዕል ብናይ ሓባር ምርድዳእ ብምፍራሱ ካብታ ጋንታ ተፈንዩ።

ኣብ ነሓሰ 2023 ካብ ፒኤስጂ ናብዛ ክሉብ ዝተጸምበረ ነይማር፡ ኣብዚ ዝሓለፈ ሓደ ዓመትን ፈረቓን ክጽዮ ሸውዓተ ግጥማት ኣየገልገለን - ብሰንኪ ተደጋጋሚ መጉዳእቲ።




በዚ ከኣ ኣል-ሂላል፡ ብኸፉ ሚልዮናት ክትከፍሎ ስለዘይተዋሕጦ፡ ኣብዚ ዝመጽእ ክረምቲ ዘብቅዕ ንዝበረ ውዕሉ፡ ቅድሚ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ኣቋሪጹዎ ኣሎ። ትማሊ ብመገዲ ናይ ኢንስታግራም ሕሳቡ መፋነዊ መልእኽቱ ዝሰደደ ነይማር፡ ክጻወት ዝኮኣሎ ከምዝዘበረ ብምግላጽ፡ ንኹሉ ስድራቤት እዛ ጋንታ ኣመስጊኑ።

እዚ ተውህቦ ዝዓደሎ ብሉጽ ብቕዓት ዘውንን ተጻዋታይ፡ ፕሮፈሽናል ናይ ጸወታ ግዜኡ ናብ ዝጀመረላ ናይ ሃገሩ ክሉብ ሳንቶስ ክምለስ ምዃኑ ይግለጽ።

### ዕጫ ዋንጫ ኣፍሪቃ 2025 ወዲቑ

ዕጫ ዋንጫ ኣፍሪቃ 2025፡ ሰኑይ ምሸት ኣብ ኣሰናዳኢት ሃገር ሞሮኮ ከተማ ራባት ወዲቑ።

እዚ ውድድር፡ 24 ሃገራት ኣብ ሽዱሽተ ምድባት ከምዝሕዝ ይፍለጥ። በዚ መሰረት፡ ኣብ ምድብ 1 - ሞሮኮ፡ ማሊ፡ ዛምብያ፡ ኮሞሮስ፣ ኣብ ምድብ 2 - ግብጺ፡ ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ኣንጎላ፡ ዚምባብወ፣ ምድብ 3 - ናይጀርያ፡ ቱኒዝያ፡ ኡጋንዳ፡ ታንዛንያ፣ ኣብ ምድብ 4 - ሴነጋል፡ ዲ.ሪ. ኮንጎ፡ በኒን፡ ቦትስዋና፣ ምድብ 5 - ኣልጀርያ፡ በርኪናፋሶ፡ ኢኳቶሪያል ጊኒ፡ ሱዳን፣ ምድብ 6 - ኣይቮሪኮስት፡ ካሜሩን፡ ጋቦን፡ ሞዛምቢክ።

መበል 35 ዓመት ዋንጫ ኣፍሪቃ፡ ካብ 21 ታሕሳስ 2025 ክሳብ 18 ጥሪ 2026 ኣብ ሞሮኮ ክካየድ እዩ።

### ቦኒፋይስ፡ ናብ ኣል-ነስር . . .

ኣጥቃዓይ ባየር ለቨርኩሰን ቮክቶር ቦኒፋይስ፡ ካብዛ ጋንታ ንምውጻእ ምስ ስዑዳዊት ክሉብ ኣል-ነስር ይዘራረብ ምህላው፡ ዓለማዊኡ ዣቪ ኣሎንሶ ትማሊ ኣብ ዝሀቦ ጋዜጣዊ መግለጺ ኣፍሊጡ።

ዋጋ እዚ ወዲ 24 ዓመት ናይጀርያዊ፡ ኣስታት 50 ሚልዮን ዩሮ ምዃኑ ይግለጽ። ብክርስቲያኖ ሮናልዶ እትቕለስ ኣል-ነስር፡ ንኣጥቃዓያ ታሊስካ ኣብዘን ዝሓለፋ መዓልታት ናብ ፈነርባቸ ብምስዳዳ እያ፡ ንቦኒፋይስ ክተፈርሞ ኾይኑ።

### መደብ ጸወታ

ሎሚ

ሻምፕዮንስ ሊግ

ፒኤስቪ - ሊቨርፑል

ባየር ሙኒክ - ስሎቫን ብራቲስላቫ

ቦሩስያ ዶርትሞንድ - ሻክታር ዶኔስክ

ባየር ለቨርኩሰን - ስፓርታ ፕራጋ

ጂሮና - ኣርሰናል

ባርሰሎና - ኣታላንታ

ብረስት - ሪያል ማድሪድ

ማን ሲቲ - ክሉብ ብሩጅ

ያንግ ቦይስ - ክርቨና ዝቬዝዳ

ሊል - ፈይኑርድ

ጁቬንቱስ - በንፊካ

ኣስቶን ቪላ - ሰልቲክ

ዲናሞ ዛግረብ - ኤሲ ሚላን

ኢንተር ሚላን - ሞናኮ

ስቱርም ግራዝ - ኣርቢ ሌፕዚግ

ኣርቢ ሳልዝበርግ - ኣትሌቲኮ ማድሪድ

ስፖርቲንግ - ቦሎኛ

ሽቱትጋርት - ፒኤስጂ

ንኹለን ጋንታታት ናይ መውዳእታ ሻሙናይ ናይ ምድብ ጸወታአን ብምዃኑ፡ ኩሉ 10 ግጥማት ሰዓት 11፡00 ድ.ቀ ክካየድ እዩ።

# ዜና ወጻኢ

ሚርያም ኣብርሃም

## ቻይናን ህንዲን፡ ተቛሪጹ ንዝጸንሐ በረራታት ይቕጽላኦ

ኣብ መንጎ ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይናን ህንዲን ካብ 2020 ኣትሒዙ ተቛሪጹ ዝጸንሐ ቀጥታዊ በረራታት ኣፈርቲ ዳግማይ ንምጅማር ክልቲኦን ሃገራት ከምእተሰማምዓ፡ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ህንዲ ኣፍሊጡ።

እቲ ስምምዕ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ህንዲ ቪክራም ሚስሪን ምስ ቻይናዊ መዛንኡ ዋንግዩ ዝሓለፈ ሰኑይ ኣብ ከተማ ቤጂንግ - ቻይና ኣብ ዘካየዶ ርክብ ከምእተበጽሐ እዩ ዝገለጸ ዘሎ።

እቲ ፈለማ ብሰንኪ ኮቪድ-19 ዝተቛረጸ ቀጥታዊ በረራታት፡ ድሒሩ ኣብ መንጎ እተን ክልተ ጎረባብቲ ሃገራት ብዝተፈጥረ ዶባዊ ምስሕሓብ ንዓመታት ደው ኢሉ ከምዝጸንሐ እዩ ዝሕበር ዘሎ።

ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ጥቅምቲ፡ መራሕቲ ክልቲኦን ሃገራት ኣብ ካዛን - ሩሲያ ኣብ ዝተቓንዐ ዋዕላ ቁጠባዊ ውድብ ብሪክስ ኣብ ዘካየድዎ ቀጥታዊ ርክብ፡ ኣብ መንጎ ክልቲኦን ሃገራት ዘሎ ዶባዊ ምስሕሓብ ንምፍታሕ ኣብ ስምምዕ ከምዝበጽሑ ምሕባርም ዝዘከር እዩ።

በዚ ኸኣ፡ እዚ ኣብ መንጎ ክልቲኦን ሃገራት ተበጺሑ ዘሎ ስምምዕ ንኹልእ ናይ ንግዲ፡ ቱሪዝምን ባህላዊ ምልውዋጥን በሪ ዝኸፍት ምዃኑ እዩ ዝገለጸ።

ቻይናን ህንዲን ከም ጎረባብቲ ሃገራት መጠን ካብ ፍልልያተን ንላዕሊ ብዙሕ ሓባራዊ ረብሓ ከምዘለወን ዝጠቐሰ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና ዋንጊ ብወገኑ፡ ብሓባር ምስራሕ ኣብ ምዕባለ ክልቲኦን ሃገራት ዓቢ ተራ ከምዘለዎ ኣረዲኡ።



## ሩስያ፡ ዘመናዊት ሳብ-ማሪን ዓጢቓ

ፈደረሽን ሩሲያ፡ 'ኣርኻንገልስክ' ዝተሰምየት ዘመናዊት ሳብማሪን ናብ መኻርዕ ሓይልታት ምክልኻላ ከምዝጸንበረት ትሕብር ኣላ።

እዛ ዘመናዊት ሳብማሪን፡ ኣብ መሬትን ባሕርን ከጥቅዑ ዝኽእሉ ዝተራቐቑ ኣጽዋር ዝዓጠቐት ምዃና እዩ ዝገለጸ ዘሎ።

እዛ ዘመናዊት ሳብማሪን ብዘውሰኸ፡ ናብ ሓይሊ ባሕሪ'ታ ሃገር ድሕሪ ምጽንባራ ተደጋጋሚ ፈተነታት ከተካይድ ምዃና፡ ሚኒስትሪ ምክልኻል እታ ሃገር ገሊጹ።

ሓይሊ ባሕሪ ሩሲያ፡ ኣብ ዓለም ሓደ ካብ'ቶም ብዙሓት ዘለወን ዘመናውያን መራኽብ ውግእ ዘውንኑ ኮይኑ፡ ዛጊት ኣስታት 16 ዘመናውያን ሳብማሪናት ናብ ዕጥቁ ጸንቢሩ ከምዘሎ ይንገረሉ።



## ሕ/ኤውሮጳ፡ ኣብ ልዕሊ ሩስያ ዘጽንዖ እገዳታት ኣናዊሕዎ

ኤውሮጳዊ ሕብረት፡ ኣብ ልዕሊ ፈደረሽን ሩሲያ ኣጽኒዕዎ ዝነበረ እገዳታት ከምዘናውሖ ኣፍሊጡ።

ሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢ እቲ ሕብረት፡ ኣብ ልዕሊ ሩሲያ ጸኒዑ ዘሎ እገዳታት ንኸናዋሕ ትማሊ ሰሉስ ኣብ ስምምዕ ከምዝበጽሑ እዩ ዝሕበር ዘሎ።

ብመሰረት እቲ ተናዊሑ ዘሎ እገዳታት፡ ኩሉ ኣብ ባንክታት ሃገራት ምዕራብ ደሲኩ ዝርከብ ልዕሊ 200 ቢልዮን ዶላር ዝግመት ሕሳባት ሩሲያ ብሸሞት ዘለዎ ከምዝቐጽል፡ ኣብ ንግዲ፡ መጉዓዝያ፡ ጸዓትን ካልኦት ጽላታትን ሩሲያ ጸኒዑ ዘሎ ማዕቀባት ድማ ክሳብ ሓምለ 2025 ከምዝጸንሐ እዩ ተፈሊጡ ዘሎ።

እቲ ኣብ ልዕሊ ሩሲያ ጸኒዑ ዘሎ እገዳታት፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ሽዱሽተ ወርሒ 27 ኣባላት እቲ ሕብረት ብዝሃብዎ ድምጺ ምቕያር ከምዝካየደሉን ከምዝሕደስን እዩ ዝንገር።

ሕብረት ኤውሮጳ ኣብ ልዕሊ ፈደረሽን ሩሲያ ኣጽኒዑዎ ዘሎ እገዳ ዋላ'ውን ኩናት ዩክሬን እንተ ኣብቅዐ ክልዕሎ መደብ ከም ዘይብሉ፡ ኣባል ፓርላማ እቲ ሕብረት ዝኾነ ፈረንሳዊ ቴሪ ማርያኒ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ሕዳር ምሕባሩ ኣይርሳዕን።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ ሕብረት ኤውሮጳ ብሰንኪ'ቲ ኣብ ልዕሊ ሩሲያ ኣጽኒዕዎ ዘሎ እገዳታት፡ 50 ሚእታዊት ካብቲ ናብ ኣባላት እቲ ሕብረት ዝኾና ሃገራት ዝለኣኽ ባህርያዊ ጋዝ ምንጩ ካብ ኣመሪካ ኮይኑ ኣሎ።

በዚ ኸኣ፡ ኣመሪካ ጥቕምታታ ንምውሓስ ክትብል ኣብ ልዕሊ እቲ ሕብረት ጸቕጢ ክትገብር ምጽናሓ እዩ ዝገለጸ።

ሃገራት ምዕራብ፡ ብኩናት ዩክሬን ኣመኻንየን ኣብ ልዕሊ ሩሲያ ዝኣወጃኦ እገዳታት፡ ብዘዘዋወረ ንመኣብርሮ ዜጋታተን ብኣሉታ ይጸልዎ ከምዘሎ'ያ ሩሲያ ትሕብር።




## ዴንማርክ፡ ጸጥታ ኣርክቲክ ንምውሓስ ቢልዮናት ዶላር ሰሊዓ

ዴንማርክ ፡ ጸጥታ ዞባ ኣርክቲክ ንምውሓስ፡ ልዕሊ 2 ቢልዮን ዶላር ባጀት ከምዝሰለዐት ተገሊጹ።

እታ ሃገር፡ ነቲ ዝሓፈ ባጀት፡ ምስታ ኣካል ግዝኣታ ዝኾነት ርእሰ-ምምሕዳር ደሴት ግሪንላንድን ደሴታት ፋሮን ብምትሕብባር ከምዝሰልዓቶ እያ ትሕብር ዘላ።

በዚ ኸኣ እተን ደሴታት፡ ጸጥታ ኣርክቲክ ንምውሓስ ዓቢ ተራ ክጻወታ ዝኽእላ ሰለስተ ዓበይቲ መራኽብ ኩናት፡ ዝተራቐቓ ሳተላይታት፡ ከምኡ ድማ ብኮማንዶ ንዘደቕቕ ነገር ናይ ምርኣይ ዓቕሚ ዘለወን - ነዊሕ ርሕቀት ዝጕዓዛ ሰብ-ኣልቦ ነፈርቲ ክሸምታ ምዃነን እዩ ዝንገር ዘሎ።

እቲ ስጉምቲ፡ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ነታ ኣብ ኣርክቲካዊ ወቕያኖስ እትርከብ ደሴት ግሪንላንድ ካብ ዴንማርክ ንምዕዳግ ድሌቱ ብተደጋጋሚ ድሕሪ ምግላጹ ከምእተወስደ እዩ ዝሕበር ዘሎ።

ኣስታት 56 ሽሕ ነበርቲ ጥራሕ ዘለዋ ግሪንላንድ፡ ካብ ሰሜን ኣመሪካ ናብ ኤውሮጳ ብኣቋራጭ እተሰጋግር ዓባይ ደሴት ብምዃና፡ ንኣመሪካ ዓቢ ስትራተጂያዊ ኣገዳስነት ከምዘለዋ እያ ክትግለጽ ጸኒሓ።

ኣብ 2019 ንግሪንላንድ ንምዕዳግ ሓሳብ ኣቕሪቡ ዝነበረ ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ሕጂ'ውን እታ ደሴት ንጸጥታ ኣመሪካ ስትራተጂያዊት ምዃና ብምጥቃስ፡ ካብ ዴንማርክ ዓዲጉ ልኡላዊ ግዝኣት ኣመሪካ ንምግባራ ከምዝጽዕር እዩ ዝዝረብ ዘሎ።

ኣብ መጀመርያ ናይዚ ወርሒ'ዚ፡ ኣመሪካ ኣብ ደሴት ግሪንላንድ ኒኩለሳዊ ኣጽዋር ክዋደደለን ዝኽእላ ነፈርቲ-ውግእ ዝዋፈራሉ መደበር ትሃንጽ ከምዝኾነ፡ ፈደረሽን ሩሲያ ምግላጻ ኣይርሳዕን።

ኣብ'ዘን ዝሓለፋ ቀረባ ዓመታት፡ ብዙሓት ሃገራት ኣብ ልዕሊ ዕቑር ባህርያዊ ሃብቲ እታ ዓባይ ደሴት ዓይነን ከውድቓ ከምእተራእያ ዝጠቐሱ ጸብጻባት፡ በቲ ኩነታት ዝተሻቐለት ዴንማርክ ድማ ጸጥታኣ ንምውሓስ ትቃለስ ከምዘላ የመልክቱ።

"ግሪንላንድ ፈጺማ ኣይትሸየጥን እያ" ዝበለ ቀዳማይ ሚኒስተር እታ ደሴት ሚዩተ ቦራፕ ብወገኑ፡ "ግሪንላንድ ናይ ህዝቢ ግሪንላንድ ጥራሕ እያ" ክብል ንፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ ከምዝመለሰሉ'ዩ ዝሕበር።



## ትራምፕ፡ ንጠበቓታት ክፍሊ ፍትሒ ኣመሪካ ኣባሪሩ

ፕረዚደንት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ኣብ ልዕሊኡ ዝተመስረቱ ክልተ ክሲታት ንዘመርመሩ ልዕሊ 12 ጠበቓታት ክፍሊ ፍትሒ ኣመሪካ ኣባሪሩ።

እቶም ኣባላት ናይቲ ፍሉይ ኣማኻሪ ጃክ ስሚዝ ዝመርሖ ጉጅለ መርማሪ ዝነበሩ ጠበቓታት፡ 'ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ ኣብ 2020 ኣብ ዝተኻየደ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ኣመሪካ ንዝተረኽበ ውጽኢት ክቕይሮ ፈቲኑ፡ ከምኡ'ውን ምስጢራዊ ሰነዳት ብዘይግቡእ ኣገባብ ሒዙን' ንዝብሉ ኣብ ልዕሊኡ ዝተመስረቱ ክልተ ክሲታት ክምርምሩ ዝጸንሑ'ዮም።

በዚ ኸኣ፡ ፕረዚደንት ትራምፕ ብዝሃቦ ውሳኔ፡ እቶም ጠበቓታት ብቕልጡፍ ስርሖም ክሓድጉ ከምዝተኣዘዙ'ዩ ይሕበር ኣሎ።

ፕረዚደንት ትራምፕ ናብ ስልጣን ኣብ ዝመጸሉ እዋን፡ ኣብ ውሽጢ ክልተ ካልኢታት ንፍሉይ ኣማኻሪ ጃክ ስሚዝ ካብ ስልጣኑ ክኣልዮ ምዃኑ ቃል ኣትዩ'ኳ እንተነበረ፡ ጃክ ስሚዝ ግን፡ ፕረዚደንት ትራምፕ ቃሉ ማሕላ ድሕሪ ምፍጻሙ ስልጣኑ ብኸምኡ ፍቓዱ ከምዝሓደገ ኣብ እዋኑ ኣፍሊጡ ነይሩ።

"እቶም ጠበቓታት ዝተዋህቦም ዕማም ብዝግባእ ስለ ዘተግበሩ ካብ ስርሖም ክትሰጐም ፍትሓዊ ኣይኮነን" ዝበለት ጠበቓ ክፍሊ-ሃገር ኣላባማ ነበር ጆይስ ቫንስ፡ ነቲ ስጉምቲ ዘይሕጋዊ ክትብል ብትሪ ኮኒናቶ።

እቶም ዛጊት ኣሰናብቶም ዘይተጠቕሱ ጠበቓታት፡ "ኣቐዲሞም ብዝርኣይዎ ንጥፈታት ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር ትራምፕ ብእምነት ክዓዩ ኣይክእሉን'ዮም" ዝበሉ ኣባላት ምምሕዳር'ቲ ፕረዚደንት፡ በዚ ምኽንያት ካብ ስርሖም ክእለዩ እቲ እንኮ ኣማራጺ ምዃኑ ኣረዲኦም።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ሪሻም | 29/01/2025 | ጎደና ተጋደልቲ ቁ.20፡ ጥቃ ፋብሪካ ምስማር (ጎዳይፍ) | 181048 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565